# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.85 | ሰሉስ 9 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ናበይ ኢና?


ገጽ 4
ጥዕናን ኣእምሮን ብኽመይ ንዕቅቦ፡



ገጽ 5

ልዕለት ናይቲ ውዕለት

ገጽ 9
ንኑብስኻ ምምሳል


ገጽ 11
ኣትለቲክስ - ሻምፕዮን ክለባትን ንኡሳን ዞባታትን...



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ህ/ሪ/ቻይና ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 8 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ንፍሉይ ልኡኽ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ኣብ ጉዳያት ቀርኒ ኣፍሪቃ ሚስተር ሁ ቻንግቹን ኣብ ዓዲ-ሃሎ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብዚ ዓለምና ትርከበሉ ዘላ ናይ ለውጢ መድረኽ፡ ቻይና ኣብ ኣፍሪቃ ክትጻወቶ ዘለዋ ተራ፡ ምስ ሃገራት ምዕራብ ምውድዳር ዘይኮነ፡ ሽርክነት ብምፍጣር ዓቕሚ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ምድላብን ምሕያልን ዘተኩረ ክኸውን ከምዝግባእ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ኑቲ ብሸነኺ ምትእትታው ሓያላን ሃገራት ምዕራብ ኣብ ዞባና ተኸሲቱ ዘሎ ግጭታት ብምጥቃስ፡ መሰረታውን ዘላቕን ፍታሕ ንምንዳይ ተራ ቻይና ክዓዝዝ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኤርትራ ምስ ቻይና ዘለዋ ዝምድና ልዕሊ 70 ዓመታት ዝገበረ ድልዱል ሰረት ዘለዎ ከምዝኾነ ጠቒሱ ድማ፡ ንዘጋንሐ ኩሉመዳያዊ ሽርክነታዊ መደብት ናብ ዝበረኸ ደረጃ ንምድያብ፡ ኤርትራ ብዕቱብ ከምእትሰርሕ ኣረጋጊጹ።

ፍሉይ ልኡኽ ቻይና ሚስተር ሁ ቻንግቹን ብወገኑ፡ ሰላምታን ሰናይ ምንዮትን ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ቻይና ምስ ኤርትራ ዘለዋ ስትራተጅካዊ ሽርክነት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ከምእትደፍኣሉ፡ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለዋ ዝምድና ድማ ኣብ ምሕያል ዓቕምን ምርግጋጽ ርእሰምርኩሳነን ዘተኩረ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ንዘለዋ ተራን ኣበርክቶን ብዚያዳ ከምእትሰርሓሉ ኣሕቢሩ።

ሚስተር ሁ ኣስዒቡ፡ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝምዕብል ዝምድናታት ኣብ'ቶም ንጹራት ኣሰሩድ ሃገራዊ ሕግን ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ማለት ሓድሕድ ምክባር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ከምዝምርኩስ ጽኑዕ መርገጺኣ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተሳቲፎም ነይሮም።

## ኣፍዓበት - ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ብ7 ታሕሳስ ኣብ ኣፍዓበት ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ “ተራ መንእሰያት ኣብ መኸተን ህንጸት ሃገርን” ብዝብል ኣርእስቲ ሰሚናር ኣካዪዱ።



ኤርትራ ሃገርና ካብ መግዛእቲ ተላቒቓ ናጽነታ ክተረጋግጽ ንዝሓለፈቶ መድረኻት ብምጥቃስ፡ ተራን ኣበርክቶን መንእሰያት ልዑልን ወሳንን ከምዝነበረ ዝገለጸ ኣቶ ሳልሕ፡ ብቐዕ ፍልጠት ዝቐሰሙ ንቑሓትን ውዱባትን መንእሰያት ዘለዉዋ ሃገር መጻኢኣ ብሩህ ከምዝኾነ ብዝርዝር ኣብሪሁ።



ከም ቃልሲ ንናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ቃልሲ ኣንጻር ድኽነትን መሃይምነትን እውን ዕዙዝ ተሳትፎ መንእሰያት ከምዝሓትት ብምሕባር ድማ፡ ኣብዚ መዳይዚ ዝጸድድ ዘሎን ኣብ መጻኢ ዝትግበርን መደባት፡ ብውፉይ ኣበርክቶ መንእሰያትና ከምዝዕወት ዘጠራጥር ከምዘይብሉ ኣረጋጊጹ።

ኣቶ ሳልሕ ኣስዒቡ፡ ዕድመ ንእስነት፡ ዕድመ ዕቤት ጸጋታትን ምትግባርን ከምኡ’ውን ዕድመ ምህዞን ተበላሓትነትን ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ብዝለዓለን ብግቡእን ክጥቀሙሉ ጸዊዑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጀብ ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ሰሚናር እዋናውን ኣገዳስን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መንእሰያት ንዝተዋህበ መግለጺ ከም መርሓ ወሲዶም ውፉይ ኣበርክቶ ክህልዎም ትጽቢት ከምዝነበሮም ኣዘኻኺሩ።

# ጽውጽዋይ "ዝጠፍአ ገማግም ባሕሪ"

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ሳዕለዎት ሰበ-ስልጣን ብልጽግናን ተንተንቲ ዝተሰምዩ ኢጋዋሕትን ኤርትራ ናጻ ንዝወጸትሉ ዓመት እናጠቐሱ፡ "ኢትዮጵያ ማዕዶት ባሕሪ ዝሰኣነትሉ ኣጋጣሚ ዘረጋግጽ ሰነድ፡ መርትዖ ይኹን ሕጋዊ ጽሑፋዊ ምስክርነት ኣይረኸብናን" ንዝብል ዘንቀደ ኣጀንዳ ተተቓቢሎምን ደጋጊሞምን ክቃልሑ ተሰሚዖም። እዚ ስምኒጠር ዘመተ'ዚ፡ መጠሊሉ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ኣብ ፓርላማ ዝኣወጆ "ዝደዐወት ድልየ ሰዒት" ዘጠቓልል፣ ንሕጋውነት ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ዘጽረረ መርዝም መደረ'ዩ።

እዚ በቲ ቀዳማይ ሚኒስተርን ኣጋፈርቱን ዝተፈብረኸ ጸዋ፡ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝለዎ ልኡላውነት ኤርትራ፡ "ድልዱል ሕጋዊ መሰረት" የብሉን ኣብ ዝብል ኣገዳ ዝማበዕ ታሪኻውን ሕጋውን ፈጠራ ዝተሰረተ'ዩ። ብታሪኽ ዘይቅቡል፡ ብሕጊ ድማ ክትምጉተሉ ዘይከኣል'ዩ። ኢትዮጵያ ንዘይትውንኖ ዝበረት "ነምዝነሰረቶ" ከተረጋግጽ፡ ሰነድ ኩሉ ባርኾት ዘድልዩ ጉዳይ'ውን ኣይኮነን።

እቲ ተጠቒሱ ዘሎ ግዝኣት፡ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ናይ ኤርትራ'ዩ - ናይ ኤርትራ ኩይኑ ድማ ክነብር'ዩ። ዝኾነ ዝለዓል ሕቶ ክኣ፡ ቅሉዕ ምጥምማዝ ታሪኽ፡ ምጥሓስ ኣህጉራዊ ሕግን ምጉዕጻጽ ሕጋዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን ጥራይ'ዩ። እዚ ግጉይ ትረኻ ንምእራም እምበኣር፡ ታሪኻውን ሕጋውን ድሕረ-ባይታ ናጽነት ኤርትራ ምግላጽ ኣገዳሲ ይኸውን።

ናጽነት ኤርትራ፡ ን30 ዓመታት ብጠቐጸሉ ኣብ 1991 ንዝተኣወጀ ሓይልታት ኢትዮጵያ ዝጸረረገ ነዊሕ ቃልስን መስተንክራዊ ወተሃደራዊ ዓወትን ዝተረጋገጸ'ዩ። ሕጋውነት ሕቶ ኤርትራ ንናጻ ሃገር ግና፡ ቅድሚ ብረታዊ ቃልስን ናይ መወዳእታ ዓወትን ዝነበረ'ዩ። እንተኾነ፡ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ከም ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጥልያን ዝነበራ ሊብያን ሶማልያን ድማ ብፍላይ ናጽነተን ኣብ ዝረኸባሉ ዝነበረ እዋን፡ እቲ ተዓዊቱ ዝወጸ ሓይሊ - "ብዓይኒ ፍትሓ ክርአ ከሎ፡ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ። የግዳስ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኤርትራ ምሸ'ታ መሓዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትቀረን ኣገዳሲ ይኸውን።" ስለዝበለ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ተነፊጉ፡ ኤርትራን ህዝባን - ኣንጻር ድሌቶምን ባህጎምን ብጉልባብ "ፈደረሽን" ንዳግማይ መግዛእቲ ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ክቕረቡ ተፈሪዶም - ብዓመጽ።

እዚ ከይኣክል፡ ኢትዮጵያ ነቲ ንኤርትራ ማሰል ርእሰ-ምምሕዳር ዘፍቅድ ዝነበረ "ውዕል ፈደረሽን" ብምፍራስ፡ ኣብ 1962 ንኤርትራ ብሓይሊ ገቢጣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣታ ኣእተወታ። ካብ'ዚ ታሪኻዊ ክውንነት ብምብጋስ፡ ናጽነት ኤርትራ ጉዳይ "ምፍንጻል" ካብ ኢትዮጵያ ከምዝይኮነ ንምርግጋጽ ዓቕቢ ኣይከውንን። ቃልሲ ኤርትራ ነቲ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝተመንዘዐ ሕጋዊ መሰል ንምምላስ፡ ኣንጻር ጎበጣ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ፍትሓዊ ቃልሲ'ዩ። መዋጋብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ውን፡ እዚ ታሪኻውን ሕጋውን ክውንነት ብዘየወላውል የረጋግጾ'ዩ።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት፡ ዝተመንዘዐ መሰል ንምምላስ ዝዓለመ ቃልሲ ንዝገራዊ ናጽነት እምበር፡ "ውሽጣዊ ኩናት ሓድሕድ ኢትዮጵያ" ኣይነበረን። ስለዝኾነ፡ ኤርትራ ኣብ 1993 ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ክትከውን ከላ፡ እቲ መስርሕ ባርኾት ወይ ኣፍልጦ ናይ ኢትዮጵያ ዘድልዮ ኣይነበረን። ኣህጉራዊ ሕጊ'ውን፡ ካብ መግዛእቲ ናጻ ክትከውን እትኽእሎ መስርሕ፡ ግድን በቲ ገዛኢ ሓይሊ "ክጸድቕ ኣለዎ" ኣይብልን።

ስለ'ዚ ድማ፡ ኤርትራ ኣብ 1993 ኑቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተዓዘቦ ወጽኢቱ ዘረጋግጸን ናጻን ፍትሓውን ረፈረንደም ተኻይዱ ናጽነታን ልኡላውነታን ክትእውጅ ከላ፡ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ንኽትረክብ፡ ግድን ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ባርኾት ዘድልያ ኣይነበረን። ንዝሰረቖ ድግስ ገይሩ ናብ ዋንኡ ዝመልስ፡ ኣብ ታሪኽ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ከም'ቲ ገለ ሃገራት ኣብ እዋን መግዛእቲ ንዝበደልኦ ኣህዛብ ብኸፈል ክኽሕሳን ንዝዘመትኦ ቅርሲታት ክመልሳን ዝርኣያ፡ ግዝኣቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ልቦና እንተዝህልዎምን ንስናይ ጉርብትና ዝሓስቡ እንተዝኾኑን፡ ከምኡ ክገብሩ ምተገብኦ። የግዳስ እቲ ክውንነት ብኣንጻሩ ኩይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኸተሎ ሰላማዊ ቃልሲ ብዓረር ምስ ተመለሰ፡ ብሓይሊ ንዝተመንዘዐ መሰሉ ብሓይሊ ክመልሶ ተገዲሉ። ከቢድ ዋጋ ከፊሉ ድማ ዘውዲ ዓወትን ክብረትን ደፊኡ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ'ቲ ብደሙ ዘረጋገጾ ሓርነት፡ ረፈረንደም ከካይድ ግድን ኣይነበረን። ይኹን'ምበር፡ ኣርሒቑ ዝጥምት መሪሕነቱ ኣብ 1981 (10 ዓመት ቅድሚ ዛዞሚ ዓወት)፡ ረፈረንደም ክግበር ወሲኑ ነይሩ። እዚ ድማ፡ ኑቲ ብደሙ ዘረጋገጾ ዘይንፈግ መሰሉ፡ ብድምጹ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ሕጊን ኣህጉራውያን ተዓዘብትን መኸተምታ ክገብረሉ ዝዓለመ'ዩ። ካብ 23 ክሳብ 25 ሚያዝያ 1993 ኣብ ዝተኻየደ ረፈረንደም ድማ፡ 99.8% "እወ ንናጽነት" ብምድማጽ፡ ኑቲ ኣብ 1991 ዘረጋገጾ ወተሃደራዊ ዓወት፡ ብሕጋዊ መዳይ ድልዱል ሰረት ሃገርነት ኣትሒዝዎ። ኣኸለ!

ኣብ 2018 ብዝተፈጥረ "ዕድል" ናብ ስልጣን ዝደየበ ሰልፊ ብልጽግና፡ ስርዓት ንምርጋእን ግዝኣቱ ንምርግጋጽን ከምኡ'ውን ኑቲ ብሰንኪ ዘይቅርዑይ ምሕደርኡ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ - ኒታ ሃገር ናብ ሃው ዝበለ ገደል ዝመርሓ ዘሎ ውሽጣዊ ግጭታት ንምጥምማዝ፡ ታሪኻዊ ይኹን ሕጋዊ ባይታ ዘይብሉ ጽውጽዋይ ብምፍጣር፡ መታለሊ ምንቅስቓሳት ክዕብር ጸኒሑ'ሎ። ሓደ ካብ'ቲ ዘልዓሎ ኣጀንዳታት ድማ፡ ምስ ልኡላውነት ኤርትራን "ዝጠፍአ ገማግም ባሕሪ" ዝብልምን ዝተተሓሓዘ'ዩ። ኢትዮጵያ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ከምዘይብላን ብውዲት ከምዝተሰረቐን ኣምሲልካ ብምድንጋር፡ ናይ ምስፍሕፋሕን ዕብለላን ሕልምኻ ንምትግባር ዝተኣልመ ሓደገኛ ኣጀንዳ። እዚ "ንኤርትራ ንምኽላስ ወይ ንምቕላስ" ዝሕመረቱ ከይሲ ሕልሚ፡ ንኢትዮጵያን ኑቲ ዞባ ብሓፈሻን ሓደገኛ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ብኡጋ ዝተፈልጠ'ዩ።

እምበኣርከስ፡ ኢትዮጵያ ካብ ቀጻሊ ውሽጣዊ ግጭታትን ሳዕቤናቱን እትድሕን፡ ካብ'ቲ ከም ፖለቲካዊ ያታ ክትክተሎ ዝጸንሐት መታለሊ ጽውጽዋያት ወጺኣ፡ ኣብ ሓቂ ርትዕን ተሓታትነትን ዝተሰረተ ጽንዓት ስርዓት ምስ እትተክልን እትኽተልን፣ ከምኡ'ውን መግዛእታዊ ደባት ተቐቢላ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ጉረባብታ ኣህጉራዊ ሕግን ምስ እተኽብር ጥራይ'ዩ!

## ዜና

# ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ሰራሕተኛታት ኣሰልጢኑ

ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ንኽልተ ሰሙን ብሓፈሻዊ ምሕደራ ንብረት ዘሰልጠኖም፡ ካብ 7 መንግስታውያን ትካላት ዝተዋጽኡ 50 ሰራሕተኛታት፡ ብ2 ታሕሳስ ኣመሪቑ።

እቲ ብዋዕብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ ስልጠና፡ ኣብ ሰ-ፍልጠታዊ ምሕደራ ንብረትን ኣብ ዕዮ'ዋን ከምኡ'ውን ምሕደራ መቐያየሪ ኣቕሑት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣቦ'ቲ ኩባንያ ሓላፊ ክፍሊ ምሕደራ ንብረት ኣቶ ሰለሙን ነጋሽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ብዓይነቱ ፍሉይ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመረቕቲ ዝርኣይዎ ድሌትን ተበግሶን መጕሱ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠኑ፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ኣቕሪቦም።

ኣካያዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብረሃ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓቕሚታት ኣባላትን መሻርኽትን ንምብራኽ ዘውድብ ስልጠናታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ዝተመደቡሉ ቦታ ስራሕ ብዝግባእ ክንጸባርቕዎ ተላብዮም።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብርሃቱ


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ.**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ.**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም · ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ · ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ድባርዋ - ብሞያ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመሪቖም

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ሞያ ዝሰልጠኑ 125 መንእሰያት፡ ብ2 ታሕሳስ ተመሪቖም።

እዚ ካብ ክልተ ክሳብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብዋዕብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፡ መዘቓ፡ ሰ-ጸጉሪ ጸጉሪ ርእሲ፡ ምምልኻዕን ምንቃሽን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ፕሮጀክትታት ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ኣቶ ሕሩይ ተስፋየውሃንስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ዓቕሚታት መንእሰያት ሃኒጽካ ኣፍራይትን ፈጠርቲ ስራሕን ንምግባሮም ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ገብረየሱስ ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ፍልጠትን ሞያን ብስራሕ ንምዕባይ ክሰርሑ ተላብዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ'ዚ ዓመት ልዕሊ 600 መንእሰያት ብሞያ ተመሪቖም ኣለዉ።



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ናበይ ኢና?

ኣስቴር የማነ

## ‘መገዲ’፡ መገዲ ኮይኑ ኣይፈጠረን እዩ ።

ናበይ ኢኺ/ኢኻ፧ እትብል ሕቶ፡ ሕጂ ኣብዛ እነንብበላ ዘለና ህሞት እዚኣ እንተ ንሕተት፡ መልስና እንታይ ምኾነ፧ ገሌና ኣብ መገዲ እናኸድና፡ ገሌና ኣብ ናይ ስራሕ ቦታና፡ ገሌና ኣብ ገዛና ኮፍ ኢልና፡ ገሌና ኣብ ናይ መዘናግዒ ቦታ፡ ገሌና ኣብ… ኴንና ኢና ነንብብ እንህሉ። እዚ ዘለናዮ ንፈልጦ ኢና። ናበይ ምኻንና’ውን ንጹር መልሲ ኣሎና። ሓቀይ፧ ስለዝኾነስ፡ “ናበይ ኢና፧” ኢሉ ምስ ዝሓትት “ናብ…” ዝብል መልሲ ኣይስእንን እዩ።

ናብ እንብሎ ዘይብልና፡ ኣብ ዘለናዮ ብዘይ ዝኾነ ካብን ናብን ምንቅስቓስ እንውዕል’ውን ኣይንስኣንን እንዲና፡ ብኣንጻር’ዚ ብዘይ ዕረፍቲ ካብቲን ናብቲን ክብል ዝውዕል ሰብ ድማ መሊኡ። ሓደ ኣብ ግምት ከነእትዎ ዘለና ግን ባህሪ ስራሕ ስለዝፈላሊ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ስለዝበለ ጥራይ ኣይሰርሕን ኣሎ ክንብል ኣይንደፍርን። ብኾፍካ’ውን ዝሰላሰልን ዝዕመምን መሊኡ ስለዘሎ። ሓደ ሰብ’ውን ምሉእ መዓልቲ ኮለል ክብል ስለዝወዓለ ጥራይ ስርሑ የሳልጥ ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ብዘይ ፍረ ዘወን… ዘወንወን ምባል’ውን ስለዘሎ። ብሓጺሩ፡ ካብ ቤትና ዲና ናብ ግዳም ክንወፍር፡ ወይስ ካብ ዝወፈርናዮ ኢና ንቤትና ክንኣቱ፡ ናብ ‘እንኸዶ’ ቦታስ ይህልወና እዩ። ተረዳዲእና እንተ’ለና፡ ናብ እንዓየሉን እነፍርየሉን ፍረ-ጻዕርና እውን እንርእየሉን ቦታ ምኻድ እዩ ዝብል ዘለኹ።

እቲ ሕጂ ዘለናዮ ቦታ ብርግጽ ስለእንፈልጦ ኣበይ ከምዘለና ርግጸኛታት ኴንና ክንምልስ ኣይንጽገምን። ወላ’ኳ ነገር ኣጋጣሚታት፡ ናበይ ከም ዝኾንና



ሚእቲ ካብ ሚእቲ ርግጸኛታት ንኸይንኸውን ገለ ሚእታዊት የጉድል እንተ ኾነ፡ ናበይ ከም እነብል ግን ንፈልጥ ኢና። ወላ’ውን ኣብ መንገድና ዘይሓሰብናዮ ዝኣልየና ነገር ረኺብና ናይ ሸዓ ጉዕዞና ከብኾረና ዝኽእል እንተ ኾነ፡ ናበይ ኢልና ከም ዝተበገስና ግን ኣይጠፍኣናን። እዚ ግን ካብ ክንበገስ እንከለና ናበይ ኢልና ከም ዝወጻእና ርግጸኛታት ምስ እንኸውን እዩ። እምበር… ብዘይ መደብ ሰቕ ኢልና እንተ ወጺእናስ ኣብ መገዲ ኣላዩና ብዙሕ ከም ዝኸውን ፍሉጥ እዩ።

ናበይ ኢኺ/ኢኻ፧ ናብ ትምህርቲ፧ ናብ ስራሕ፧ ናብ ዕላማኻ/ኺ፧ ናብ መገሻ፧ ናብ ምዝንጋዕ፧ ናብ ምብጻሕ ቤተ-ሰብ፧… ናበይ ኢኺ፧ ናበይ ኢኻ፧ ናበይ ኢና፧ ብውልቂ ናበይ ምኻነይ እንተ መሊሰ፡ ብድምር ኣነን ንስኹምን ናበይ ከም እንኸይድ ንምግማቱ ዘሸግር ኣይመስለንን።

ከም ሰብ፡ ብፍላይ ከኣ ከም መንእሰያት መጠን፡ ክንበጽሖ እንደሊ ዕላማ ክህልወና ኣድላዩ እዩ። እቲ ምኽንያት ንጹር ስለዝኾነ መልሲ ካባይ ትጽበዩ ኣይብልን እየ። ብዘይ ዕላማ ምጉዓዝ ዘሰዕበልና ሃልኪ ብቐልል ዝበለ ኣብነት ግን ንርኣ፤ ንኸተማ ወጺእካ ተዛዊርካ ጥራይ ክትምለስ ኢልካ እስከ ተበገስ። ኣብ ከተማ ምስ በጻሕካ በየን በየን ቦታታት ክትሓልፍን፡ ኣበይ ኮፍ ኢልካ ሻሂ ከም እትሰቲን ከይመደብካ ድማ ወጺእካ ኣለኻ። ኣብኡ ምስ በጻሕካ፡ ሰቕ ኢልካ ፍቐድኡ ኮለል ከም እትብል ፍሉጥ እዩ። ናብ ናይ ሸቐጥ ጉደናታት ዲኻ ከተብል፡ ናብ ናይ መዘናግዒ ጉደናታት ዲኻ፡ ናብ’ቶም ስራሓቶም ርኢኻ እተድንቖም ህንጻታት ዲኻ ከተብል፡ ወላስ ናብቶም ውሑድ ምንቅስቓስ ናይ ሰባት ዘለዎም ጉደናታት ኬድካ ኢኻ ምስ ነብስኻ ከተዕልል፧ እዚታት ከይሓሰብካሉ እንተ ወጺእካ፡ ኣብኡ ምስ በጻሕካ ብዝኸድካዮ ጉደና ኣድህቦኻ ዝሓትት ነገራትን ኣንፈትካ ክቕይር ዝፍትን ነገራትን ምስ ረኺብካ እንታይ ኢኻ ክትገብር፧ መቸም እግርኻ ናብ ዝመርሓካ ኮለል ክትብል እንተ ውዒልካ፡ ኣደዳ ዘይተደልየ ሃልክን ድኻምን ኴንካ ንገዛኻ ከም እትምለስ ርጉጽ እዩ።

“እቶም ናብ ቤት-ትምህርቲ እናኸዱ ኣብ መገዲ ዝጠፍኡ ሰባት፡ ነቲ መገዲ ምሉእ ህይወቶም ኣይረኽብዎን እዮም፡” ዝብል ጥቕሲ ጀርመናውያን ኣሎ። ሒዝካዮ ዘለኻ መገዲ ናበይ እዩ ከብጽሓካ፧ ንምንታይ ዕላማ ኢኻ ትኸዶ ዘለኻ፧ ንዕብየትካ ድዩ ስለምኻድ፧ ምስ በጻሕካ ኸ እንታይ ኢኻ ክትረክብ፧ እዚታት ከይመለስካ ምስ እትጉዓዝ፡ ሓደ መዓልቲ ሸኩሹኳ ክወስደካ እዩ። ናበይ ከም ዝኸይድ ከየነጸርኩ ዝተጓዓዝኩወን ግዜያት፡ ኣብ ልዕሊ ግዜይ ብኸንቱ ምጥፍኡ፡ ማዕረ ክንደይ ኣሰልኪዩቲ ከም ዝነበራ ድማ ኣነ ምስክር ኣለኹልኩም። “ናብ ከምዚኣ ክበጽሕ ኣለኒ፡ ናብኣ ንኽበጽሕ ከኣ…፧” ኢለ እታ ናተይ መገዲ ንኽጣጥሖ ላዕሊን ታሕቲን ዝበልኩሉ እዋናት እዩ ጥዑምን ውጽኢታውን ነይሩ።

ኣፉ ኣጽርዩ ክዛረብ ዝጀመረ ህጻን ከይተረፈ፡ ሒዝካዮ ካብ ገዛ እንተ ወጺእካ፡ “ናበይ ኢና፧” ኢሉ እዩ ዝሓተካ። ኣንፈትካ ናይ ምፍላጥ ባህጊ ምሳና ዝተፈጥረ ከይኮነ ኣይተርፍን። ናበይ ምኻናስ ሕራይ ፈሊጥና ኣለና ንበል፤ መንገድና ኸ ከመይ ይመስል፧ ናብቲ ክንከዶ እንሓስብ ዘለና ዝወስደና/ ዘብጽሓና ንሱ ካብ ኮነ፡ ብዝተኻእለ መጠን መንገድና እንተ ኣጣጢሕና ክሕሸና እዩ። ንኣብነትሲ ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ኣልዒልና ናብ ዝለዓለ ደረጃኣ ከነብጽሓ ኢልና ንሓስብን ንምድብን ኢና። እታ ዝመደብናያ፡ ቅድሚና ካልእ ሰብ ገይርዋ ዘይፈልጥ እንተ ኾይኑ ኸኣ ዝያዳ ክብደት ይስመዓና። እቲ ምኽንያት ካልእ ኣይኮነን፣ እታ ናብታ ዕላማና ንምብጻሕ እትወስደና መገዲ ቅድሚና ከይድዋ ዝፈልጥ ሰብ ስለዘየለ ጥራይ እዩ።

ዝበዝሕ እዋን፡ ካብ ሓድሽ ነገር ክንፍትን ነቲ ቅድሚ ሕጂ እንፈልጦ ነገር ክንደግሞ እዩ ዝፎኾሰና። ወላ’ውን ብውልቂ ፈቲንናዮ ኣይንፍለጥ፡ ቅድሜና ዝፈተኖ ሰብ እንተ’ልዩ ዝያዳ ውሕስነት ይስመዓና። ካብ ናትና ሓድሽ ነገር ክንፈጥር፡ ነቲ ካልእ ሰብ ዝሓለፎ መገዲ ተኸቲልና ኣብ ዓወት ክንበጽሕ ንመርጽ። እንተ ኾነ፡ ዝኾነ ‘መገዲ’፡ መገዲ ኮይኑ ኣይፍጠርን እዩ። እቲ ነታ እንደግማ ዘለና መገዲ ዝጀመረ ሰብ’ውን እኮ ዝተጸርገት መገዲ ኮይና ከም ዘይጸንሓቶ ክንስሕቶ ዘይብልና ሓቂ እዩ። ማለት፡ ናይ መገዲ ቅርጺ ሒዙ መገዲ ንክኸውን ሰብ ክመላለሰሉ ኣለዎ። ሽዑ መገዲ ሙኻኑ ተፈሊጡ፡ ጥጡሕ መመላለሲ ይኸውን። ናብ ዓወትና እትወስደና መገዲ፡ ኣንፈታ ናብ ዕላማና ብምግባር ጸሪግና እንኸዳ ንሕና እቶም ሰብ ዕላማ ኢና። ብፍላይ ከኣ እቶም ምስ ምሉእ ናይ ምትግባር ሓይልና ዘለና መንእሰያት። እንተወሓደስ፡ ንሕና ዝተጓዓዝናዮ መገዲ ዓወት ብምርኣይ፡ ነታ ንሕና ዘውጻእናያ መገዲ ብምኽታል ኣሰርና ዝስዕብ ተጓዓዚ ኣይሰኣንን።

ካልእ ሰብ ብብዝሒ ናብ ሓደ ዓይነት ዕላማን ዓወትን ስለዝበጽሐ ጥራይ ግን ኵልና ሓደ ዓይነት ዕላማ ክንገብር ኣለና ማለት ኣይኮነን። ንኣብነትሲ ሓደ ኣብ ጸወታ ኵዕሶ-እግሪ ንፉዕን ፈጣንን ዝኾነ ሰብ፡ ናይ ጉያ ኣትሌታት ብብዝሒ ክሽለሙ ስለዝረኣየ፡ ነቲ ዛጊት ኣብ ናይ ሽልማት መድረኽ ዘይበጽሓሉ ሞይኡ ብምቕያር ነቲ ናይ ምጉያይ ዓቕሙ መጣጢጡ፡ ክንዲ’ቲ ናይቶም ኣትሌታት ብቕዓት ክመጽእ እንተ ደለየስ መወዳእትኡ እንታይ እዩ ክኸውን፧ “ሕልምታትና ጋህዲ ዝኾኑ፡ ኣሰር ኣሰሮም ንምስዓብ ዘኽእል ድፍረት ምስ ዝህልወና ጥራይ እዩ፡” ደስኒይ ዋልት ኣብ ዕላማና ንኽንበጽሕ፡ ጽኑዓት ክንከውን ከም ዘለና ክምህር ዝበሎ እዩ።

ካልእ እንተ ተረፈስ፡ “ባባ/ማማ… ናበይ ዲኻ/ዲኺ፧” ኢልና ዝሓተትናዮም ወለድና፡ “ንስራሕ፡ ቅጫ ከምጽእ ’ዛ ጓለይ/’ዚ ወደይ፡” ኢሎም እናመለሱ፡ ኣርኣያ እናኾኑ መገዲ ብዘተሓዙና ስድራ ኢና ዓቢና። እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ፡ ሕጂ ኣንፈትና ጠፊኡና ዕንክይክይ ክንብል ዘምሕረልና ኣይኮነን። እሞ… ንሕና ኸ ኣንፈትናን እንበጽሖን ኣነጺርናዶ ፈሊጥና ኣለና፧ ‘ናበይ ኢና፧’ ነዛ ሕቶ ነፍሲ-ወከፍና ክንምልሳ ናባኹም ይገድፋ። ናበይ ኢኻ/ኢኺ፧ ናበይ ኢና፧ ዝሓሸ ንስኻ/ንስኺ ንምስራሕ፧ ዝሓሸ ሕብረተሰብ ንምስራሕ፧ ካብዚ ሕጂ ዘላቶ ደረጃ ዝያዳ ዝማዕበለትን ዝበልጸገትን ሃገር ንምስራሕ፧

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ጀሚል ስዒድ

## ኢድካ ዘይምሃብ

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ 86,400 ናቕፋ መዓልታዊ ይቕመጠልካ ኣሎ። እዚ ንመዓልቲ ግድን ትጥቀመሉ’ዩ፣ ዝሓድር ወይ ዝውህለል ገንዘብ የብልካን። ምሸት-ምሸት እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ ካብ ሕሳብካ ክእለ እዩ። እሞ በዚ ሰልዲ እንታይ ምገበርካ? ነፍሲ ወከፍ ናቕፋ ካብ ሕሳብካ ኣውጺእካዶ ምተጠቐምካሉ? ቅድሚ ንባብ ምቕጻልካ’ባ ንእሽተይ ሕሰብ!

“መን’ሞ ክህበኒ?” ዶ ኢልካ!? ተመሳሳሊ ባንክ ንኹልና ኣሎና። “ግዜ” ድማ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንግሆ-ንግሆ 86,400 ካልኢታት ኣብ ሕሳብካ ይወሃበካ።

ካብዚ እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ (ካልኢት)፡ ብላሽ ወይ ኮንቱ ተባሂሉ ይስረዝ። ካብተን ናይ መዓልቲ መቑንንካ፡ ንላዕሊ ክትልቃሕ ወይ ልዕሊኣን ክትጥቀም ኣይከኣልን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ባንክ ሕሳብካ ይሕደስ፣ ነፍሲ-ወከፍ ምሸት ከኣ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ይኸውን። ንመዓልቲ ኣብ ሕሳብካ ዝተቐመጠልካ ገንዘብ እንተ ሓሪሩ፡ ውድቀትካ ወይ ስዕረትካ’ዩ ዘመልክት። ይግባይ ኢልካ እውን ክምለስ ኣይከኣልን እዩ።

ካብ ናይ ዝመጽእ መዓልታት መቑንን እንተ ደለኻ’ውን ክትረኽቦ ኣይከኣልን። ካብ ናይ ካልእ ሰብ’ውን ክትወስድ ኣይትኽእልን፣ ካብ ናትካ’ውን ክትህብ ኣይትኽእልን። እቲ ግዜኻ፡ ግዜኻ ጥራይ እዩ፣ ኣኸለ።

ከምቲ ንገንዘብካ ኣበይ ከም እተውዕሎ ትሓስበሉን ትውስነሉን፡ ግዜኻ ኣበይ ከም እተሕልፎ’ውን ክትሓስበሉን ክትውስነሉን ዘለካ ንስኻ ኢኻ።

እዘን ናይ መዓልቲ ብጽሒትካ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ክትቀመለን ኣይትተሓለል።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥዕና ኣእምሮና ብኸመይ ንዕቅቦ፧

ጥዕና ኣእምሮ ማለት፡ ኣእምሮና ንምሕሳብ፡ ንምምሃር፡ ንምዝካር፡ ስምዒታት ንምንባብ፡ ከምኡ'ውን ንምንቅስቓስ ዘለዎ ዓቕሚ ክሳብ ክንደይ ሓያል እዩ ብዝብል ኣምር ይልካዕ። ብህይወት ንኽንነብር ኣካላትና ዝጠልቦ ኩሉ ብመንገዲ ሓንጎልና እዩ ዝሓልፍ። ስለዚ፡ ኣእምሮና ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምክያድ፡ ዘድሊ መኣዛዊ መግብታት ብምምጋብ፡ እኹል ድቃስን ዕረፍትን ብምርካብ፡ ኣእምሮ ዘቃቕሑ ግደላትን መጸሓፍትን ብምስራሕን ምምንባብን፡ ብዘወሳኺ ምስ ቤተሰብን ሕብረተሰብን ጥቡቕ ዝኾነ ማሕበራዊ ርክብ ብምክያድ ክነቃቕሖ ይግባእ።

### ካብ መለክዒታት ጥዕና ኣእምሮ፡-

- ተገንዛቢኣዊ (Cognitive):- ግቡእ ምሕሳብ፡ ምምሃር፡ ምዝካር፡ ሽግር ምፍታሕ።
- ህዋሳዊ (Sensory)፡- ብግቡእ ምምልካት፡ ምስማዕ፡ ምድህሳስ፡ ሚዛን ምሕላውን ምንቅስቓስን።
- ስምዒታዊ/ ባህርያዊ (Emotional/Behavioral):- ስምዒታት ምልላይን ምምእዛንን፡ ምስ ሽግራትን ጸቕጥን ብግቡእ ምጥጣምን ምኽኣልን።

ኣተሓሳስባና፡ ምንቅስቓስና፡ ስምዒታትና ኩሉ ብሓንጎልና እዩ ዝምእዘን። ክብደት ሓንጎልና ካብ 1.4 ኪሎ ግራም ኣይዛይድን እዩ። ግን ከኣ ምንጪ ሓይሊ ኩሉ ሰብነትና እዩ። እዚ ንኣሱ ኣካል'ዚ፡ ንኹሉ እንታይነትና (personality) ከምኡ'ውን ንኹሉ ዝኽረትና (memories) ክኣልምን ጸዩሩምን ይኽእል። ሓንጎልና፡ ካብ እንፍጠር ኣትሒዙና ዝተፈደናዮ ንጥፈታት፡ ምንቅስቓስን ኣተሓሳስባን ክዝከሩን ዘኽእሉና ሞተር ኣካላትና እዩ።

ኣብ ሓንጎልና ብጠልያናት ዝቝጸሩ ዋህዮታት መትኒ (nerve cells) ይርከቡ። ኩሉ ንኽንነብር ንደልዮ ነገር ክዉን ዝኾውን በዞም ዋህዮታት'ዚኦም እዩ። እዞም ዋህዮታት'ዚኦም 'ኒውሮንስ' (neurons) እናተባህሉ ይፍለጡ፡ ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና መልእኽቲ ብምስዳድ ድሌታትና ክንገብር የኽእሉና። እዞም 'ኒውሮንስ' እዚኦም ብዝኾነ ምኽንያት እንተዘይዓኩሎም፡ ጭዋዳታትና ክንንቀሳቐስ ምናልባት ኣይምኸኣልናን፡ ክስተማቐር'ውን ኣይምኸኣልናን፡ ኣተሓሳስባና'ውን ምደኸመ ወይ ደው ምበለ።

ኣእምሮና ንዘየሕዉ ወይ ንዘዘተጎድኡ 'ኒውሮንስ' ክትክኦም ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ንኽይጉድኡ ወይ ከይሞቱ ዝኾነ ክንገብር ኣለና። መጉዳእቲ ርእሲ፡ ብዘሕሊ ኣልኮልን ሽጋራን ምውሳድ፡ ከም ሕማም ረሰዕ ከምኡ'ውን ሕማም ምንቅጥቃጥ መትኒ ዝኣመሰሉ ሕማማት፡ ኣብ ልዕሊ ዋህዮታት ሓንጎል መጉዳእቲ ወይ ምሉእ ዕንወት እዮም ዘውርዱ። ጥዕና ሓንጎልና ክንሕሉ፡ ኣብ ኣነባብራናን ኣመጋግባናን ከምኡ'ውን ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትናን ኣካይዳናን ጥንቃቐ ክንገብር የድሊ።

### ጥዕና ሓንጎልና ብኸመይ ነዕቅቦ?

- ምውስዋስ ኣካላት፡- ኣብ ሰሙን ካብ 150 ክሳብ 300 ደቓይቕ ከም ብእግሪ ምጉዓዝ፡ ኤሮቢክስ፡ ምሕንባስ ዝኣመሰሉ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምክያድ፡ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ሓንጎልና ኣብ ምሕያል ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ። ኩነት-ኣእምሮና ከም ዝሕደስ ስለ ዝገብር ድማ፡ ጭንቀትን ጸላእን ኪጋጥመና ንዘሎ ተኽእሎ የጉድሎ።
- ኣመጋግባ፡- ካብ ስብኣዊ መግብታት ምቑጣብ፡ ከምኡ'ውን ንወሰዶ ዓቐን ጨው ምጉዳል፡ ንጥዕና ሓንጎል ኣገዳሲ እዩ። ዝተዓሸገ መግብታት ካብ ምውሳድ ምሕራም።
- ድቃስ፡- ኣብ መዓልቲ ካብ 7 ክሳብ 9 ሰዓታት እኹል ድቃስ ምርካብ፡ ናይ ምዝካር ዓቕሚ ሓንጎልና የሐይሎ እዩ። ኣተሓሳስባና ክዓቢ'ውን ይገብር።
- ኣእምሮ ከም ዝሰላሓት ምግባር፡- ሓያሎ መጽሓፍቲ ምንባብን ሓዱሽ ፈጠራታት ክትምህዝ ምፍታንን ሓንጎል ከም ዝቃቓሕ ዝገብር ኣገባብ እዩ።

### ንጡፍ ምዃን

ብዕለታዊ ስራሕ ይኹን ብምዱብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ንጡፍ ምውስዋስ ዝርከቡ ሰባት ሓንጎሎም በሊሕ ምዃኑ መጽናዕትታት የመልክቱ። ስሩዕ ዝኾነ ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ፡ ሚዛን ሰብነትካ ክትመሓየሽ ይገብር። ዝተዓጸጸፉን ድልዱላትን ጭዋዳ ክትውንን ስለ ዘኽእለካ፡ ኩነት-ኣእምሮኻን ሓይልኻን ኩሉ ሳዕ ምስ ተሓደሰ እዩ። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ንጥፈታት ኒውሮንስ ብዝሮኾእ ከሰላሰል ዝገብር መንገዲ እዩ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ምውስዋስ ኣካላት ሕማም ረሰዕ ክተማዕብል ዝለካ ተኽእሎ የጉድሎ እዩ። ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ጥዕና ዝርከቡ መንእሰያት ኣብ ሰሙን እንተውሓደ ን150 ደቓይቕ ዝኣክል፡ ከም ብእግርኻ ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢልካ ምጉዓዝ ዝኣመሰለ ማእከላይ ምውስዋስ ኣካላት ከካይዱ ይምከሩ። እቲ ተካይዶ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ከም ዘበዝሐ ምግባ ዘለዎ ክብድ ዝበለ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ሰሙን ንኣስታት 70 ክሳብ 80 ደቓይቕ ክኸውን ተመሪጺ እዩ።

### ሽፋን ርእስኻ ምሕላው

ኣብ ርእሲ ዘጋጥም ሓደጋ፡ ክፍወስ ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጥዕናና ከቢድ ዝኾነ፡ ክሳብ መውዳእታ ዕድመ ዝፈታትን ናይ ነዊሕ ዓመታት ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ኣብ ርእሲ ዘጋጥም መጉዳእቲ - ኣተሓሳስባና፡ ዝኽረትና፡ ምውህሃድና፡ ኣዘራርባናን ስምዒታትናን ብዘይ መጠን እዩ ዝጸልዎ። ስለዚ፡ ንሓደጋ ኣብ ዝተቓልዐ ከባቢ ምስ እንሰርሕ፣ ወይ ስራሕና ንሓደጋ ዝቃልዕ ምስ ዝኸውን፣ ወይ ብመኪና ናብ ርሑቕ ከበታት ኣብ እንኸደሉ እዋን ብፍላይ፡ ካብ መጉዳእቲ ዝከላኸለልና ተረር ቆብዕ (ካስኮ) ክንወዲ ተመራጺ እዩ። ንኣብነት ብሽክለታ ወይ ሞተር ብሽክለታ ኣብ እትዘውረሉ እዋን፣ ወይ ኣብ ናይ ህንጻ ስርሓት ትሳተፍ ምስ እትህሉ ወዘተ ካስኮ ምውዳይ የድልየካ።

ብዝዕባ መላእ ጥዕና ኣካላትካ ምግዳስ ግሉ ዓይነት ሕማማት፡ ኣብ ኣተሓሳስባናን ዝኽረትናን ጸገማት ናይ ምፍጣር ተኽእሎታት ኣለዎ። ናብ ሓንጎል ንዝዝርግሐ ሻምብቆታት ደም ናይ ምዕናው ተኽእሎታት'ውን የዕብዮዎ እዩ። ገለ ካብኦም ንሓንጎልና ዝፈታትኑ ዓይነት ሕማማት - ሽኮር፡ ዝተፈላለዩ ጸገማት ልብን ጸቕጢ ደምን ምጥቃስ ይከኣል። ስለዚ፡ ኣብዞም ሕዱር ሕማማት ግቡእ ክንክን ምስ እንገብር፡ ንሳም ከስዕቡልና ኣብ ዝኽእሉ ጸገማት ጥዕና ንምጉዳል ዝበለጸ ኣገባብ እዩ።

### ምዝናይ

ግዜ ሂብካ፡ ምስ ኣዕሩኽትኻ ወይ መቕርብኻን ቤተሰብኻን ትገብሮ ምዝንጋዕ፡ ብስራሕ ይኹን ብኽብደት ናብራ




ንዘጸንሓካ ወጥርን ቃንዘኖትን ኣብ ምንካይ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ቃዝኖትን ወጥርን እናየም ቀንዲ ኣብ ንጥፈታት ሓንጎል ከቢድ ዕንወት ከውርዱ ዝኽእሉ ጉዳእቲ ስምዒታት እዮም። ምስ ሰባት ምምሕዋር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ንጥፈታት ምስታፍ ገለ ካብቶም ሓንጎልና ንምንቅቓሕ ዝሕግዙ ገለ ኣገባባት እዮም።

ሻምብቆታት ደምና ጥዕንኦም ምሕላው

ሻምብቆታት ኣርተሪን ሽይንን ጥዑያት ምዃኖም ካብ ልቢ ሓሊፎም ዝያዳ ንሓንጎል እዮም ዘገድሱ። ስለዚ - ጸቕጢ ደም፡ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ከምኡ'ውን ኣብ ደም ዘሎ መጠን ኮሌስትሮል ምክትታል ኣገዳሲ እዩ። ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ፡ ኣብ ኣመጋግባኻ ኣደነህ ምግባር፡ ከምኡ'ውን ትወስዶ መጠን ጨው ምጉዳል ኮሌስትሮል ኣጥፊኡ ጸቕጢ ደምካ ንቡር ክኸውን ይሕግዝ።

### ሓንጎል እንታይ እዩ?

ሓንጎል ኣገዳሲ ኣካል ሰብነትና እዩ። ሓደ ካብቲ ፍሉይ ፍጥረት ዝገብረና ነገር ሓንጎልና እዩ - ክንጽሕ ኣተሓሳስባናን ኣረዳድኣናን፡ ስምዒትና፡ ተመክሮና፡ ባህሪና ዝቆጻጸር ፍሉይ ኣካል ስለ ዝኾነ።

ሓንጎልና ሓደ ኣካል ናይ ማእከል ስርዓተ መትኒ እዩ። ምስ ዕትብቲ ዓንዲ ሕቖ ተራኺቡ ናብ ኩሎም ኣብ መላእ ሰብነትና ተዘርጊሖም ዝርከቡ ክፋላት ስርዓተ-መትኒ ይዝርጋሕ።

### ጥቕሚ ናይ ሓንጎል

ሓንጎልና ካብ ሓሙሽተ ህዋሳትና - ካብ ምርኣይ፡ ምስማዕ፡ ምስትምቓር፡ ምሽታትን ምድህሳስን መልእኽቲ ይቕበል። ሓንጎልና - ምሓዝ፡ ምንብድባድ፡ ቃንዛ ከምኡ'ውን




መቐት ዝኣመሰሉ ኣብ ደጋዊ ክፍሊ ሰብነትና ዝፍጠሩ ሓበሬታ እከብ ግብረ መልሲ ይህብ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኣካላትና ዝኸሰቱ ስምዒታት/ ጸገማት'ውን ቅጽበታዊ ዝኾነ ግብረ መልሲ ይፈጥር።

### ሱሩ መሃርዕ ሓንጎል

ሱ'ቕርጺ ናይ ሓንጎል ዝተሓላለኸ እዩ። ሰለስተ ኣገደስቲ ክፍልታት ድማ ኣለዎ።

- 'ሰረብሩም (cerebrum)፡- ንምርኣይ፡ ድምጺን ምድህሳስን ዝኣመሰሉ ምልክታት የጸር። ስምዕታት፡ ምኽንያትን ምምሃርን ዝኣመሰሉ ስምዒታት ድማ ይቆጻጸር። 80 ሚእታዊት ካብ ክፍሊ ሓንጎል ይሽፍን።
- 'ሰረበሉም' (cerebellum)፡- ሚዛን ሰብነትና፡ ቅርጽና፡ ብዝሮኾእ ክንንቀሳቐስ ዘመዓራርየና ክፍሊ ሓንጎል እዩ። ኣብ ዳሕረዋይ ሸነኽ ናይ ሓንጎልና ይርከብ።
- 'ብሬይንስተም' (brainstem)፡- እዚ ኣብ ኣካላትና ብቕጽበት/ ኣውቶማቲክ ንዝፍጸም ነገራት ወይ ስምዒታት እዩ ዝከታተል። እዚ ዓይነት ኣውቶማቲካዊ ስምዒት'ዚ ኮነ ኢልና ክንቆጻጸሮ ዝከኣል ኣይኮነን - ንኣብነት ህርመት ልቢ፡ ምስትንፋስ፡ ድቃስ፡ ካብ ድቃስ ምብርባር፡ ምውሓጥ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል። 'ብሬይንስተም' ኣብ ታሕተዋይ ኣካል ናይ ሓንጎል እዩ ዝርከብ። ሓንጎልና ምስ ዕትብቲ ዓንዲ ሕቖና ድማ የራኽብ።

### የማናይን ጸጋማይን ሓንጎል

'ሰረብሩም' (cerebrum) ኣብ ክልተ ፍርቂ እዩ ዝኽፈል - የማናይን ጸጋማይን ንፍቀ ክቢ። እዞም ክልተ ፍርቂ ክቢ፡ 'ነርቭ ፋይበር' (nerve fiber) ብዝተባህለ መትኒ እዮም ዝራኸቡ። እቲ የማናይ ሸነኽ 'ሰረብሩም' ኣብ ጸጋማይ ሸነኽ ንዝካየድ ምንቅስቓሳት ክቆጻጸር እንከሎ፡ እቲ ጸጋማይ ሸነኽ 'ሰረብሩም'ድማ ነቲ ኣብ የማናይ ሸነኽ ክፍሊ ሰብነትና ዝካየድ ምንቅስቓስ ይከታተል።

ጸጋማይ ፍርቂ ክቢ ናይ ሓንጎልና ዝያዳ ዓብላሊ እዩ - እዚ ግን ኣብ ኩሉ ሰብ ሓደ ኣይኮነን። መብዛሕትኦም የማናት (የማናይ ሸነኽ ኢዶም ዝጥቀሙ) ሰባት፡ ንጡፍ ጸጋማይ ንፍቀ ክቢ ሓንጎል ክህልዎም እንከሎ፡ ገለ ዓኽሎት ሰባት ድማ የማናይ ንፍቀ ክቢ ናይ ሓንጎሎም ንጡፍ ኮይኑ ይጸንሕ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋን እቲ ዓብላሊ ክፍሊ ሓንጎል ኣብ ንጥፈታት ቋንቋን ናይ ምዝራብ ክእለትናን ዝያዳ ጽላዊ ዝኸውን።

### ንሓንጎል ሽፊኑ ዝርከብ ዓጽምን ቲሹን

ንሓንጎል ሽፊኑ ዝርከብ ሽፋን 'ክራንዩም' (cranium) እዩ ዝበሃል። 'ክራንዩም' ኣካል ስርዓተ ዓጽሚ ሰብነትና እዩ። ንሓንጎልና ካብ መጉዳእቲ ይከላኸሎ። ኣብ መንጎ እዚ ሽፋን ርእስን ሓንጎልን ሰለስተ ቀጸላታት ቲሹ ኣለው።

- 'ዱራ ማተር' (Dura mater):- እዚ ንምሉእ ሽፋን ርእሲ ብውሽጣዊ ሸነኹ ሸፊኑ ዝርከብ ቲሹ እዩ። ተዓጻጺፉ ብምቛም ድማ የማናይ ሸነኽ ሓንጎል ካብ ጸጋማይ ሸነኽ ከም ዝፍለ ይገብር።
- 'ኣራክኖይድ' (Arachnoid):- ማእከላይ ቀጸላ ናይ ሽፋን ሓንጎል ኮይኑ፡ ኣዝዩ ረቂቕ ብቐለሉ ክብሰዕ ዝኽእል ቲሹ እዩ። ንመላእ ሓንጎል ሽፊኑ ድማ ይርከብ።
- 'ፒያ ማተር' (Pia mater):- ውሽጣዊ ኣገዳሲ ቀጸላ ናይ ሓንጎል እዩ። ኣብ ሓንጎል ደም ዘዋጽሒ ንኣሽቱ ሻምብቆታት ደም ዝሓዘ እዩ። ኣብ መንጎ 'ኣራክኖይድ' ከምኡ'ውን 'ፒያ ማተር' ሃጓፍ ቦታ ኣሎ። እዚቦታ'ዚ 'ሰረብሮስፒናል' (cerebrospinal) ብዝተባህለ ፈሳሲ ዝመልአ እዩ። እዚ ናብ መትንታት ዓንዲ ሕቖ ዝፈስስ ፈሳሲ እዩ።

---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ቈልዑታ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንት |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዕላል ተመክሮ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ዶክመንት |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳዘሞም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ልዕለት ናይቲ ውዕለት

ስም ናይ ገለ ሰብ ኣብ ዝለዓለሉ፡ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝርአ ነገር ኣሎ። ቅብኣ እንተ ኣልኩ ንኣብነት፡ ዓቢ ቀባኣይ ቅጅል ይብለካ፡ ኩናት እንተ ደኣ ኢልካ ሓያል ተዋጋኢ ኣብ ኣእምሮኻ ይቕረጽ። ደርፊ ምስ በልካ ከኣ ወጻኢ ዝበለ ስም ዘሎዎ ሰብ ትሰኽል። ኣብ ኩሉ ሞያታት፡ እቶም ወጻኢ ዝበለ ኣበርክቶ ዝገበሩ'የም ወትሩ ዝዝከሩን ቅድሚ ብዙሓት ካልኦት ዝጥቀሱን። ስነጥበብ ናይ ክኢላታት፡ ናይ ሰብ ተውህቦ ናይ ብሞያዊ ደስፕሊን ዝማዕበሉ ሰባት ዓውዲ'ዩ። ካብዚ ወጻኢ ናይ ተልመዴን ናይ ንፍሶም ባዕላቶም ስነ-



ጥበበኛታት ኢና ዝበሉዋ ኮይኑ'ዩ ዝዝርፍ።

ካልኣይ ሰሙኒ ሓዚ ዘሎ ዕረፍቲ ዓቢ ስነጥበበኛ በረኸት መንግስትኣብ ምስ ተሰምዐ ዳርጋ ንኹላትና ዘሰማመዓ እቲ መዳርግቲ ኣልቦ ኣበርክቶኡ - ብብዝሕን ብዓይነትን - ኣብ ዘመናውን ባህላውን መዚቃ ሃገርና እዩ። ኣብ ደርፍታትና፡ በረኸት ፍሉይ ሕላገት'ዩ ኣንቢሩ። ክራርን ወኒ ኣተሃራርማኣን ኣደራርፋን ፍሉይ መለለዩኡ እዩ። ሽራሩ፡ ያታዊ ኣልባሱ ድማ ኣብ መድረኽ ካብ ዝበርሆ። ጸዋ መኸተን ጅግንነትን እናሰምዐ ስለ ዝዓበዩ፡ ወኒ ዘለዓዕል፡ ፍናን ዘበርኽ ደርፍታት ክደርፍ ደርኡ። ኣብ መንጎ ካልኦት፡ ዓቢ እያ ቀንዲ ዛንታታት እተዘንትወሉ ዝነበረት። "ቱታ! ቱታ!" ብምባል ድማ ተጨነቕ ሰማይ ተጨነቕ ባይታ ይብል። ኣብ ሃገራዊ ያታዊ ፍቕራዊ ማሕበራዊ . . . ጉዳያት ዘተኩር ብፍቕድን ዓይነትን መዳርግቲ ኣልቦ ደርፍታት ኣፍርዩን ንብዙሓት መሳቱኡን ድሕሪኡ ዝሰዓቡን ጸልዩን ኣርኣያ ኮይኑን። ብዙሓት ካብ ደርፍታቱ ብብዙሓት ደረፍቲ ተደጊሞን ብቐጻሊ - ብፍላይ ኣብ ውራያት - ቀሪቡን።

በዛር በረኸት መንግስትኣብ፡ ካብታ ኣብ ዓዱ፡ ደቂ ዓዱ - ፈለማ ሻምብቆ፡ ደሓር ክራርን እምብልታን - ክዛርሙ ዝርኣየላ እዋን ቀልዕነቱ፡ ክሳዕ'ዛ ካብ ዓለም ዝተፈለየላ መዓልቲ፡ ካብቲ ጸዋዕታ ልቡ ዝሰለበ ደርፊ ከይተፈልየ ብዝለዓለ ደረጃ ክእለትን ጽባቐን ዝተገዝኣሉ'ዩ። ካብቲ ኣብ ቀልዕነቱ ደቂ ዓዱ ክራር ክዛርሙ ዝርኣየሉ እዋን፡ ኑታ ክራር ኣብ ዓይኑ ብምስኣል፡ ኣቐዲሙ ውሑሉል ጸራቢ በትሩ፡ መሰንተርን ናውቲ ማሕረስን ስለ ዝነበሮ፡ ጥሪት ክጓሲ በረኻ ምስ ወፈረ፡ ንኣካሉት ናይታ ኣብ ዓይኑ ዝሰኣላ ክራር፡ ገረብ መረጹ ብምቕራጽን ምጽራብን ዓዲ ሐዚወን ኣተወ። ኣዲኡ ንመጽረጊ ሓዊ እትጥቀመሉ ዝኣረገ ደስቲ፡ ናይ ኣቡኣኹ ዝለፍዐ ቁርበት፡ ኣብ ከበቢ ዓደም ወርቂ ካብ ዝዕድጉ ዝበሩ ጣልያን ሰልኪ ተማልኢሉ ኢሉ ሓንቲ ክራር ሰርሐ። ቅኒትን ምቕናይን ከይተረድኦ፡ ከምቲ ምዕባዩ ክዝብሩዎ ዝርኣየ፡

ቲን ቲን ክብላ ጀመረ። ቀጺሉ፡ ብኣልያ ምዕባዩ ሃረምቲ ክራር፡ መለኸትን ካብ ኢዱ ምፍላይ ኣበየን። ምስ ሻምብቆ እናኣበራረየ ድማ ተሃሉ ከወጽእ ተራእዩ።

እዚ ተግባራት ወይ ስልባ ብስነጥበብ ግን ብስድራቤቱ ዝፍቶን ዝድገፍን ኣይነበረን። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኩሉ ወቓዕ ክራርን ደራፍን ከም "ሓሚኸ"፡ "ሰኽራም"፡ "ዕዋላ". . . ይቖጸር ስለ ዝነበረ፡ ኮተቴ በረኸት ከበድ ብደሆ ገጠሞ። ወለዱ ጭዋ ነበሩ'ሞ፡ ዝ. "ሓሚኸ" ክኸውን ዘንቀደ ኀበዘ ፍጹም ተቓወሙዎ። ኣቦኡ፡ ኣብ ማይ ኣጥሊቑ ክገድፉ ከሰከሖ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከይተረፈ ኣየሰርሐን፤ ኣቡላንኡ ኣድሒኑዎ፡ ካብ ከበድ ሓደጋ ከም ዘደሓኑ ይገልጽ። ዝመጽአ ተጻብኦ እንተ መጽአ ግን ካብ ድሌቱ ከም ዘይዕገት ዝሓረነ በረኸት፡ ንዝጋ ራሕሪሑ ኣስመራ መጽአ። ኣብ ኣስመራ ቡቲ ዝነበሮ ናይ ጸርበት ክእለት፡ ፈለማ ፈለኛሞ ደሓር ከኣ - ኩሉ ጸርበት - ባርበሪ ኮይኑ እናሰርሐ፡ ወኒ ምህራም ክራሩ ቀጸለ። እቲ ዛንታ ነዊሕ፡ ዝተሓላለኸን እናማዕበለ ዝኸደን'ዩ። እቲ ፈለማታት ግን፡ ከም ንዝበዝሑ ናይቲ እዋን ደረፍቲ ዝገጠሞም ዝበረ ተጻሊ ቤተሰቡ ንበረኸት'ውን ኣይተረፎን።

ካብ ኣስመራ ናብ ኣዲስኣበባ ከደ። ኣብ ምዕባለ ስነጥበባዊ ዕድኡ፡ ኣዲስኣበባ ዓቢ መሰረት ኣለዎ። ብድሕሪኡ፡ ሜዳ ኤርትራ፡ ቀጺላ ስዑዲ-ዓረብ፤ ደሓር ከኣ ናጻ ኤርትራ። ኣብዚ ንልዕሊ 65 ዓመት ዝዘርጋሕ ናይ ሞያ ጉዕዞኡ፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ደርፍታት




ኣፍርዩ። ደርፍታቱ ልቢ ሰማዒ ተንኪፉ ዝሰፍር ብምኳኑ፡ ኣኣብ ዓውዱ ዝደረፎ ሓያል ጽልዋ ዝፈጥር ነበረ። ኣብ ኣዲስኣበባ እንከሎ ምሕር ናፍቖት ዓዱ/ሃገሩ ከም ዝነበሮ ብደርፍታቱ ገለጸ። ሜዳ ምስ ወጽአ ንገድሊ ተጋደልትን ህዝብን ዝጸለወ ብርክት ዕዮታት ኣፍረየ። ኣብ ሰደት እንከሎ፡ ባህሊ ሃገርን ህዝቦዊ ቃልሰን ዘደንፍዕ ደርፍታት ኣውሓዘ። ድሕሪ ናጽነት፡ ንልምዓት፡ ዲሞክራሲያዊ ሃገርን ምትእኽኻብ ኣብ ናጽነትን ዝገልጽ ዕዮታት ኣፍረየ። ኣብ መኸተ ምኽባር ልኡላውነት፡ በረኸት ከም ኩሎም ንምክልኻል ሃገር ዝኸተቱ መዘኡኡን ደቁን ንሱን ክራሩን ኣብ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፎም ኣብ ልቢ ህዝቦም ዝሓደረ ዋልታ ድሕነት ሃገር ዝዘምር ደርፍታት ኣፍረየ። ኣብ ኩሉ ጉዕዞኡ በረኸት መንግስትኣብ፡ "ኣፍራዩነት" እዩ ቀንዲ መለለዩኡ። ኣብ ፍቕሪ፡ ያታ፡ መኸተ፡ ማሕበራዊ ህይወት፡ . . . ወጻኢ ዝበለ፡ ኣብ ሰማዕቱ ጽልዋ ዘሕደረ፡ ብብዙሓት ዝድገሙን ዝዝከሩን ብርክትን ዓይነታውን ደርፍታት ወለደ። ይገጥም፡ ይዝይም፡ መሳርሒታት መዚቃ ይሃርም፡ መዚቃ የቀናብር፡ . . . ተውሳ ድማ ነበረ። ደምር ናይዚታት፡

ጽልዋኡ ኣብ መዚቃ ሃገርና እምነ ኩርናዕ ምዃኑ ብዙሓት ብቐሊሉ ይሰማምዑ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ናይዚ ኣቦ ዜማ ሃገር፡ ራእሲ ሃገራዊ ባህሊ ዝብል ሽመት ዝረኸበ፡ በዛር በረኸት መንግስትኣብ፡ ፈለጥቱ፡ መሳርሕቱ፡ ኣዕሩኽቱ ብዛዕባኡ ብዙሕ በሉ። መንዩ በረኸት መንግስትኣብ፧ ዝብል ቀሊል ዝመስል ግን ከቢድ ሕቶ ብምልዓል እሲ ንገለ ካብቲ ዝተባህለ ንርአ፤

"በረኸት ደኣ 'መለይ'፡ 'ሃሪ ማዕተበይ'፡ 'ሰማያዊት መንደል'፡ 'ብስምኩም'፡ 'ተቐበሉኒ ብረተይ'፡ 'ንሕና ሃገር'፡ 'ኣዕዋፍ ክራማት'፡ . . . እዩ" ንብዙሕ ካብ ደርፍታቱ ብምጥቃስ ዝበለ ሓደ ኣብ ዳስ ሓዘን በረኸት መንግስትኣብ ዝረኸብኩዎ ሰብ፡ ብዙሕ ኣሕሰበኒ። ሰብ ብስርሑን ግብሩን እዩ ዝግለጽ። "ሰሚዕካ'ለኻ እታ 'ኣዕዋፍ ክራማት' እትብል ደርፉ ዘይደርፉ ደራፋይ ኣሎ ደዩ" ብምባል ሕቶ ኣልዒሉ'ሞ፡ ክደርፋ ጀመረ፤

ኣዕዋፍ ክራማት ቀደም ዝኾና
ተመለሰንዶ ኩለን ብሓፈሻ
ደሃዮንሲ'ኳ ሰሚዐ ነይረ
ብዕላል ዕላል መጺኡ ወረ
'ታይ ደኣ ኮይነን ደንጉየናና
ፍር-ፍር ዘይብላ በዚ ገደና. . .

ከምዝን ከም ካልእን'ዩ በረኸት! ጽቡቕ ጊርኩም ግለጹዎ በጃኹም!" ብምባል ናብ ዓሚቕ ሓሳብ ጠሓለ። ኣነ'ውን ኣብ ሓሳብ ጥሒለ፡ ዝተዋህበኒ ዕማም ምጽሓፍ ዛንታ

ህይወት በረኸት ከሰላስል ናብ ካልእ ዕማም ኣበልኩ።

ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ብዛዕባ በረኸት መንግስትኣብ ዝተባህለ መውዳእታ የብሉን። ብሓቂ ክብሪ ዘውህቦ ሽፈነ ድማ ነበረ።

"ሎሚ ሓደ ዓቢ፡ ክኢላ፡ ኣቦ ጥበብ፡ ርእሲ ሃገራዊ ባህሊ፡ ዶክተር፡ ኣርቲስት በረኸት መንግስትኣብ ንሕልፈት ይፍለየና ኣሎ። በዛር በረኸት መንግስትኣብ ኣብ ዝጸንሓሉ ዓመታት ምሕር ሰንበራት ዝበደፈ ብዙሕ ስርሓት መዚቃ ንሃገርን ህዝብን ኣበርኪቱ'ዩ። ኣሸሓት መንእሰያት ኤርትራ (60ታት፡ 70ታት) ብጽልዋ መዚቃኡን ደርሰታቱን ናብ ብረታዊ ተጋድሎ ውሒዞም'የም። ልኡላውነት ኣብ ምኽባር ዘበርከቶም ጥበባዊ ስራሓት'ውን ናይ ትማሊ ተዘክሮ'የም። ኮታ፡ በዛር በረኸት መንግስትኣብ ኩሉ'ቲ ሓደ ኣርቲስት ኣብ ሕማቕን ጽቡቕን ፈታኒ እዋን ንሃገሩን ህዝቡን ከበርክቶ ዝግባእ ስራሓት ዘበርከተ ኣብነታዊ ዜጋ'ዩ። ቡቲ ክቡር ሞያኡ ከኣ ኣብ ልብን መንፈስን ኤርትራዊ ብኽብሪ

ክዝከር ክነብር'ዩ" ብምባል ዝገለጹ ጉዳም ስነ-ጥበበኛ እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች) እዩ።

"ንሜዳ ምስ ወጽአ ኣብ 'ሃገራዊት ክፍሊ ምንቕቓሕ መዚቃን ትያትርን' ተሓኤ ተመዲቡ ብርክት ዝበሉ ከም 'ብሌን ዓይነይ'፡ 'ስምረት'፡ 'ሎሚ ኣይኮነን ዓሚ'፡ 'ብናይ ደርጊ ፈኸራ'፡ 'እናተቓለስና ሃገር ከዕሪ'፡ 'እናበርሀ ኪይዱ ቅሉዕ መትከል'፡ ወዘተ ዝብል ዝርከቦ ሓያል ደርፍታት ኣፍርዩ፡ መንፈስ ገድልን ተጋደልትን ጸልዩ እዩ" ብምባል ዝገለጸ ጉዳም ስነጥበበኛ ተወልደ ገብረእግዚኣብሄር




እዩ። ተወልደ ኣብ ሜዳን ኣብ ስዑድያን ምስ በረኸት ነበረ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጸገ ጉብረሃንስ፡ ካብ 1979 ክሳዕ 1986 ንሸውዓተ ዓመት ኣብታ ጸይቀ-ዕልልቲ ቤት ማእሰርቲ ኣለም-ብቃኝ ናይ ኢትዮጵያ ዝተኣሰረት'ያ። መእሰሪኣ ብዓልቤታን ተሳትፎኣ ኣብ ምስጢራዊ ገድሊ ሰውራ ኤርትራን ነበረ። ደሮ'ቲ ብዓል ቤታ ንሜዳ ዘውጽኣሉ፡ በረኸት፡ "ጸላኢ እንተ ሓዚኩዶ ይሓይሽ በርኻ ዓድኻ ምኻድ፧" ዝበል ሕቶ ከም ዘልዓሉላ ብምግላጽ፡ ውስጠዛኣዊ ትሕዝቶ ደርፍታቱ ጸላኢ የጽንዮን ይምርምሮን ስለ ዝነበረ፡ ቀልጢፉ ንሜዳ ክወጽእ ከም ዝወሰነ ትገልጽ።

በረኸት መንግስትኣብ ብዛዕባ ጽልዋ መዚቃ ክዛረብ እንከሎ፡ "መዚቃ ናብ ኣእምሮኻ ኣትዩ እቲ ሰሚዒት ኣጸቢቑ ምስ ዓሞቐን ምስቲ ግጥምታት ምስ ተወሃሃደን ኣብ ሓንጎልካ ምስ ተሳእለን፡ ልክዕ ትቐዳር ኢኻ . . . ኣብኡ ትውሓጥ" በለ ኣብ ሓደ ቃለ-መጠይቕ።

ካብ ምምስራት ማሕበር ኤርትራውያን መዚቀኛታት ኣብ 1995 ክሳዕ ዕለተ-መሰዋእቱ ብንጡፍ ተሳታፍነት ኣባል ኣካያዲት ኣካል ናይቲ ማሕበር ኮይኑ ሰሪሑ'ዩ። ኣቦመንበር ናይቲ ማሕበር፡ ጉዳም ስነጥበበኛ መሓመድ ዑስማን ንበረኸት ክገልጾ እንከሎ፡ "በረኸት፡ ካብ መሰረትቲ ዘመናዊ መዚቃ ኤርትራ'ዩ። ኣብ ቅኒት፡ ህርመት፡ ያታ፡ . . . ዕሙቕ ዝበለ ኣፍልጦን ኣብ መጸናዕቲ ዝተመርኮሰ መረዳእታን ነይሩዎ። ኣብ ጓይላ ትግርኛ ብቕዱ ዝለለ ሞዴል ድማ'ዩ" ይብል።

"በረኸት፡ ኣብ ዛዕባታት ፍቕሪ፡ ሓድነት፡ ፍልስፍና ህይወት፡ ቃልሲ፡ ጅግንነት፡ ያታ ዝደረፈ ፍላስፋ'ዩ። ንኣብነት፡ እታ 'ምምናይ' እትብል ደርፉ ንጓይ ፍልይቲ'ያ፤

ካብ ክፉእ ጽቡቕ ምምናይ
ሰናይ እዩ ሰናይ
ንኹሉ ነገር ግን ተዓሎ
ኣብዚ ዓለም ክልቲኡ'ሎ
ደረት ኣልቦ'ዩ ምስጢራት ምድሪ
ቡቲ ጽልኢ'ሎ ቡቲ ድማ ፍቕሪ
ቡቲ'ሎ ሰላም ቡቲ ነውሪ
እቲ ዝኸውን ምኻኑ ዘይቀሪ
ርጋእ ልበይ ኩን ተጻዋሪ።"

ብምባል ዝገለጹ ፍጹም (ጃምጥ ግላስ) እዩ። እቲ መግለጺታት ዝኸርን ፍቕርን ዝተፈላለየን ብዙሕን'ዩ። ከም ስነጥበበኛ፡ ንስነጥበብ ምስ እትውፈን ብዝለዓለ ምስ እትሰርሓሉን ተውህቦኻ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብሉጽ ኣፍራይነት ደብጽሕ። ብርግጽ፡ ንበዛር በረኸት መንግስትኣብ ማይክሮፎን ኣልዒሉ ስለ ዝደረፈ፡ ኣይኮነንን ብሓበን እንዝክሮ፡ ስለቲ ብሉጽ ስነጥበባዊ ፍርያቱ ደኣ'ምበር።

ሰብ ጥበብ ኣብ ዓለም፡ እቶም ንጥበብ ዝውፈዩ እዮም። ልዕለት ናይቲ ውዕለት ድማ'ዩ ተዘክሮቲ ዝነብሮም። ክብሪ ንሰብ ግብሪ!

### ኣብ ድበኻን ዕርገትካን

ኣብ ድብኻ፡
ተልእኾ ምድሪ ዝፃመመ ድምጺኻ፡
ደጊማ ዘጋውሓቶ
ፋሕሮ - ፍሕርኣ የሰምር።
ተልእኾ ሰማይ ዝፍልም ሓርንትካ
ቀዲማ ዘኣወጀቶ
ለኻኹሎ - ደሓን ትእቶ!

ኣቤት!
ብቑዛማ እናተዋናጀረት
ኩብዲ ቀባሮ በልዐት
ብሓዘን እናልቀሰት
ልቢ ኹሉ
ኣብ ናይ ጓዚ ቀስተ-ደበና'ንጠልጠለት
ኩምብረዛ - ዑደት፡ ክራርካ ዘውዛውዛ።

ኣብ ጥርዚ ባህሊ ምሕኳርካ -
ብቑቓሕዛበያቲ ተማስከረ፤
ባዕልኻ ዜማ - ባዕልኻ ግጥሚ
ባዕልኻ ቋንቋ - ባዕልኻ ባህሊ
በዛሪ! ኣሚናትልካ ቅርቅራ።

ኣብ ድብኻ፡
ቀባራይ መራሒን ሓመድ ኣዳም ዘልበሶ
ኣዕዋፍ ክራማት - ሓጋይ ዝኾና
ተመለሰን - ተመላሊሰናልካ።
ኣእዳወን ጠውየን በኺያ
'ተን ንኽብዝምራ ዝዘመርካለን -
ደቂ መዛምርትኻ።
ነጸላ ከቢድ ደበና ገምጢለን
ብምውንዛፍ
ኣይሂ ንብዖት ኣዝዚበን ኣጽሒያ
ሕንጸ ምስ ዋሪ -
'ተን ጉራምራ።

ኣብ ዕርገትካ፡
ኣድ ሃገር ተኻሰአ፤
ከብሮ ኪኑት ተደሰቐ - ተለኸዐ
መዳፍዕ ጥበብ ተተኮሰ - ተባርዐ።

ኣብ ዕርገትካ፡
በተግ! በተግተግታ ኣኽናፍ
ብር! ትንሳኤ ዝደቀሳ ኣዕዋፍ።

ኣሮን ተስፋኣለም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እ'ኽሊ

ዝፋን የውሃንስ ዑቅባጋርግሽ፡ ሓፍተይ ከበደሽ ሓጎስ ጉብሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተጸዋዒት ኑብያት ተክኤ ጸጋይ፡ ብኮሰ. ኣቶ ሃብተየሱስ ጸጋይ ናይ ፈጻሚ መዘዙብ ተኸፊቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ፡፡

ራሄል በየነ ገብረእግዚኣብሄር፡ ሓፍተይ ሳባ በየነ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፍስሃየ ገብረሃንስ ቀለታ፡ ኣፍ/ሪት ኣደይ መኣዛ ተወልደ ተስፋይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ረጅስተራል ቤ/ፍ ዞ/ማእከል ቀሪባ ኣብ ኣስመራ ዞባ 06 ምም/09 ዝርከብ ገዛን ኣብ ንግዳዊ ጣሕን ኣብ ጣሕ ኣብይትን ንግድን ጨንፈር ማእከለይ ዝርከብ ጣሕ በቲ ብለየዋ ስለ ዘውረሰትኒ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣልማዝ ተኽለ ዓንደማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣፈወርቂ ደስታ ኪዳን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዮናስ ሚካኤል ሓጎስ፡ የርዳኖስ መሓሪ ኣብርሃም፡ ወድና መድሃኔ ዮናስ ሚካኤል ስለዝዘተሰውኡ፡ ንሕና ወለዱ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰለማዊት ግርማይ ዘኑ፡ ኣቦይ ግርማይ ዘነ ንጉሰን ኣደይ ተመርጻ እምባየ ዘውደን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይን 2 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሙኤል ገብርኣብ፡ ኣደይ ኣሰፋሽ ኣጽብሃ ተስፉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 1 ተተካኢት ጓል ሓወይን ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፈሸን ተስፋዝጊ ግርማይ፡ ስም ኣደይ ጸጋይ ወልደገርግሽ ቀለታ ምባል ተሪፉ፡ ለቺያ ሃብተሚካኤል ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፈሸን ተስፋዝጊ ግርማይ ምባል ተሪፉ፡ ፈሸን ተስፋዝጊ ወልደገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ዑቕባዝጊ ብርሃ ሃብተጸዮን ተድላ ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቀ ደማ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሙሉ ገብረመድህን ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ተስፋይ ጉብሩ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ጺጋ ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ ዳዊት ወልደማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ገኑ ወልዳይ ወልደኣረጋይ ምባል ተሪፉ፡ ገኑ ገብረማርያም ወልደኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳባ ተወልደመድህን ሰለሙን ምባል ተሪፉ፡ ሄለን ተወልደመድህን ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሄራን ጀማል ተክለሃይማኖት ምባል ተሪፉ፡ ሄራን ጀማል ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሄዋን በረኸት ተስፋልደት ምባል ተሪፉ፡ ትዕግስቲ በረኸት ተስፋልደት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ደሳለ ኣርኣያ፡ ኣደይ ዘበሸ ክብርኣብ ካሳ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሰናይት ካሕሳይ ተሰማ፡ ተጸዋዒ ገብረእግዚኣብሄር ሃይለ መሓሪ ናይ ፍትሕ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ፡፡

ኣስመሮም ተኽለይ ገብረኣብ፡ ኣቦይ ተኽለይ ገብረኣብ ተስፋጋብርን ኣደይ ውዳሰ ገብረማርያምን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣንገሶም ወልደሩፋኤል ተሰማ፡ ኣደይ ኣብርሀት ገብረማርያም ዘሞ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ 3 ደቂ መዋቲ ኣሕዋተይን ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ኣዜብ ብርሃ ሓድጉ፡ ኣቦይ ብርሃ ሓድጉ ተሰማን፡ ኣደይ ለተኺዳን ገብረኪዳን ተሰማን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጥና ተስፋይ ተኽለ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኢዛና ሃይለማርያም ናይ ምመዝገት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ፡፡

ጸሃይ ተስፋማርያም ቦጋጼን፡ ወደይ የናስ ክፍለማርያም ስለዝዘተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተወልደብርሃን ጸጋይ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ኣስመሮም ጸጋይ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ለተሚካኤል ወልደኣብዝጊ ወልደሩፋኤል፡ ሓፍትና ፍታል ወልደኣብዝጊ ወልደሩፋኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸጋይ ፍስሃጸዮን በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ጸጋይ ፍስሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ንግስቲ ጎይትኦም፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣክረም ምባል ተሪፉ፡ ዓብደልከሪም ዓብዩራሕማን ዐሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ፍቕረ ኒጓሲ ማሕሪዩ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣብርሀት ታደሰ ዘርኡ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ሸማይ ኣብርሃም ጸጋይ፡ ተኸሳሲት ትርሓስ ሃብተዮናስ ኣሰፍሃ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ከሳሲ ሕሉፍ ምኪኤል ሃይለ፡ ተኸሳሲት ዝፋን ተ/ማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ተጸዋዒት ወ/ሮ ኣብርሀት በርሀ ጎይትኦም፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ኣረጋሽ ሃይለ ካሕሳይ ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ለተብርሃን ዘውደ ተኽለ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዓንደብርሃን ወልደሂወት ተኽለገርግስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ደማ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ኢሳቕ ዘርኣይ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሃብተ ገብረገርግስ ሃይለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወራስቲ ምኻናም ደረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ቢንያም ድራር ዓሸራ፡ ወለድና ድራር ዓሸራን ማዴሌና ኣድጎይ ኣድሓኖን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ኪዳነ ገብረክርስቶስ፡ ኣደይ ዘማም ተወልደ ጉዳም ስለዝዋረፈት፡ ብሂወት ከሎ ዘጥረየቶ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ትዕግስቲ ኣሕመድ መሓመድኑር፡ ኣቦና ኣሕመድ መሓመድኑር ሕመድ ስለዝዘተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምኻንና ደረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰላም ገብረብርሃን መርከ ምባል ተሪፉ፡ ሰለማዊት ገብረብርሃን መርከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም ተወልደብርሃን ግርማይ ተስፋጋብር ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00040622 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ፈልከት ሻይብ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ መዓረይን መሸጢን ብሽክሌታን መቀያየሪ ኣቕሑትን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣርሴማ ዘርኣይ ወልዱ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-8 ቁ.ገዛ 280 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ

ተወልደብርሃን ግርማይ ተስፋጋብር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሽሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፋጥማ ጀምዕ መሓመድ፡ ብዓል ቤተይ ዓብዱ ዐሶማን መሓመድ ስለዝተሰወኣ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ቴድሮስ መንግስቱ ዘርኢት፡ ኣደይ ደምቃ በላይ ጻድቕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 10 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ሃብቶም ተወልደ ብርሃ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ለተድንግል ይፍጠር 1.ጎይትኦም ተወልደ ብርሃ +5 ዘሎ ናይ ምቅሊት ወርሲ፡ ተኸሰስቲ ቁ.4.ኣቶ ሃይለ ተወልደ ብርሃ 5.ወ/ሮ ትብለጽ ተወልደ ብርሃን 6.1 ወ/ት ለድያ በራኺ ተወልደን ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ዓወት ገብረብርሃን ግርማጽዮን፡ ኣደይ ገነት ገብረንጉስ ጸጋጽዮን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ስምረት ሚካኤል ሃብተጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ ራሄል ሚካኤል ሃብተጊዮርጊስ ተባሂለ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዮናታን ሚካኤል ሃብተጊዮርጊስ ምባል ተሪፉ ሰም ሚካኤል ሃብተጊዮርጊስ ተባሂለ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ቀሺ ገብሩ ነጋሽ ክፍሉ፡ ሓወይ መርጌታ ዘብርሃን ነጋሽ ክፍለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

መልኣክብርሃን ወልደሚካኤል ገብረየሱስ፡ ኣቦና ወልደሚካኤል ገብረየሱስ ዘርኡ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 8 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ተኽኣ ኣብርሃም በራኺ፡ ተኸሳሲት ልዋም ሃይለ ተስፋሚካኤል፡ ንጓኺ ዝምልከት ናይ ሰም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሮዳስ ዘርኣይ ተኽለ ምባል ተሪፉ ሮድያናስ ዘርኣይ ተኽለ ተባሂለ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ ደረጃ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሃይማኖት ተኽለይ ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ኣስገዶም ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣቶ የውሃንስ ኣርኣያ በቲው፡ ወለድና ኣርኣያ በቲው ክፍለን ለኰ ኣብርሃ ዑቕባጽዮንን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣበባ ተኽሉ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ጆሚ/ጴጥሮስ ስቡሓት ተላ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብፍ/በ/ዕዳ ሄርሞን ተወልደ ዘርእዝጊ 1.2 ልዋም ተወልደ ዘርእዝጊ 3. መኣዛ ዘርእዝጊ ገብረዝጊ 4. ትርሓዝ ዘርእዝጊ ገብረዝጊ 5. ንኣምን ዘርእዝጊ ገብረዝጊ፣ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘይለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ሰስተር ኣብርሃት ፍስሃ ገብረመስቀል፡ ብዓል ቤተይ መም/ ኣርኣያ ተስፋማርያም ገብረገርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተኽኣ ኣብርሃ ሃይለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ሓድጉግስ ተሰማ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰለሞዊት ኣብርሃም ሰጊድ፡ ኢንጅ ኣብርሃም ሰጊድ ዘርእዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምልእተ ተስፋልደት ደብረጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ምስግና ተኽለ ኣብርሃም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብርሀት ክፍለማርያም፡ ኣደይ በላይሽ ጎይትኦም ተወልደብርሃን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ 2 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ ከሮስ ኣብራሃ፡ ብዓል ቤተይ ኣሽብር ርእሶም በርሀ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ማሪያም ክብረኣብ፡ ኣቦይ ክብርኣብ ኣርኣያ ሃብተዝጊ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ራሄል መሓሪ በርሀ፡ ሓወይ ኢሳቕ መሓሪ በርሀ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መድሃኔ ሃብቶም ተወልደ፡ ዓብይና ንጽህቲ ሞገዝጊ ወልደሚካኤል ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 4 ደቂ ደቃ ንዓብይናን 1ኣሞናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ናትናኤል ሻሎም ምባል ተሪፉ ናትናኤል ክፍሎም ተኸስተ ተባሂለ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ዓንደ ምሕር ሃብተሚካኤል፡ ተኸሳሲ ጃዕፈር እድሪሱ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

የማነ ይስሃቕ ወሉ ምባል ተሪፉ የማነ ይስሓቅ ወልዱ ተባሂለ ይትኣረመለይ፡ ሰም ኣደይ ድማ ሮማ ክፍለየሱስ ካሕሳይ ምባል ተሪፉ ሮማ ክፍለየሱስ መለስ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ፈሽን ብርሃ፡ ተኸሳሲ ቴድሮስ ገብረኣምላኽ ወልደትንሳኤ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ፋሲል ኣለምሰገድ ኢያኣሱ፡ ኣቦና ኣለምሰገድ ኢያኣስ ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሄኖክ ፍጹም፡ ኣቦይ ፍጹም ተወልደመድህን ገብረኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ምንያ ጸጋይ ተኽለማርያም፡ ጓልና ሳሊና ጸሃየ ኣብርሃ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ ኣቦኣ ኣቶ ጸሃየ ኣብርሃ ኑር ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዳናይት ብርሃ፡ ኣደይ ጽርሃ ኣርኣያ መረሰዕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፍረወይኒ ተኽለ ተስፋይ፡ ሰም ኣደይ ፍቓዱ ሓደሽ ምስጉን ምባል ተሪፉ ዓዋጥፍ ማሕፉዝ ኣሕመድ ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ሚካኤል ተኽለማርያም፡ ተኸሳሲ ተስፋልደት ተኽለ ኣብራሃ፡ ናይ ገዛዘብ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ለተኺዳን ክፍለ ተፈራ፡ ሰም ኣደይ ታቦቱ ንጉሰ ምባል ተሪፉ ለተርፍኤል ገብረኪዳን ተባሂሉ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብርሃ ባየረ ኣሃንዩ፡ ኣደይ ለተብርሃን ተስፋሁኣይ ኀዘ ስለዝዓረፈት፡ 2 ኣሕዋተይ'ውን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ለተብርሃን ብርሃ ኪዳኑ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ገብረስላሴ ስብሃቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተኽኣ ገብረገርግሹ፡ ኣደይ ለተጊዮርጊስ ሃብቱ ዑቕባይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 4 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተመስገን ጠዓመ ዘርኣይ ምባል ተሪፉ የኤል ጠዓመ ዘርኣይ ተባሂለ ይትኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡



## ሓበሬታ
### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሰሚይኽ ኣብርሃ ፍስሓጸየን፡ ሓፍተይ ቅድስቲ ኣብርሃ ፍስሓጸየን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋጺለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣብርሃም ተኽለይ ጺጋይ፡ ኣቦና ተኽለይ ጺጋይ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይን 2 ተተካእትን ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ብርሃና ደሳለኝ ኣስገዶም ምግል ተሪፉ፡ ብርሃና ደሳለኝ ትካቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ጺጋይ ኣብርሃም፡ ኣቦይ ኣብርሃም ሃይሉ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከኮብ ሃብቶም ምግል ተሪፉ፡ ቅሳሴት ሃብቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ሰለሙን ሓገሰ፡ ብዓል ቤተይ ዓንደብርሃን የውሃንስ ተወልደብርሃን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ደረጋጺለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገሮና ነጋሲ በርሀ፡ ኣደይ ብርሃና ወልደኣብዝጊ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሂወት ዓርኩ ምራጭ፡ ብዓል ቤተይ መንግስቱ ኣብዲ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋጺልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ የዲት ወልደየውሃንስ ገብረዝጊ፡ ብስም ኣደይ ነ/ሄር ለተብርሃን ዑቕባዝብርኤል ገዕባ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ምምሕዳር ማእከል ከተማ ጉደና– ደንደን ቁ.ገዛ 34 ብቁ.ምስክር ወረቐት 119548 መወከሲ ቁጽሪ 125745 ኣብ 1ይ ደርቢ ዝርከብ ክልተ መደቀስን ክሽን ዓይኒ ምድሪ፡ ብመልክዕ ወህብቶ ስለዝተዋህበኒ'ሞ ናብ ስመይ ስም ምትሕልላፍ ክዝበር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ/ይግበዩ ተባሂሉ እንተኾይኑ/ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

የዲት ወልደየውሃንስ ገብረዝጊ

---

ኣቶ ዓድል ኣደም በሽር +5፣ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ሜዳ ኤርትራ ዚ.ፕ 1A119 ጎደና ዓዲ ቐይሕ ቁ.ገዛ 120 ብቑጽሪ ንብረት 1BRASM 019689 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ስፍሓት መሬት 101.58 ቁ.ፓርሰል ASP00034944 ብዘሐ. ገዛ ቀንዲ 6 ተሓጋገዝቲ 3 ክፍሊ ዝሓዘ ክሸጥ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግበዩ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ዓድል ኣደም በሽር +5

---

ኣቶ ዓድል ኣደም በሽር +5፣ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ዚ.ፕ 2/A 134 ጎደና ዑመር ኣጃዝ ቁ.7 ብቑጽሪ ንብረት BRASM 001510 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ስፍሓት መሬት 101.58 ቁ.ፓርሰል ASP00024160 ብዘሐ. ገዛ ቀንዲ 4 ተሓጋገዝቲ 3 ክፍሊ ዝሓዘ ክሸጥ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግበዩ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ዓድል ኣደም በሽር+5

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ /ዚ.ፕ ኮድ ዓዲ ጓዕዳድ ቁ.ፓርሰል/ዞን O ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡010638 ብስም ተስፋሂወት ርእሶም ባይሩ ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ተሌፎን 07136222 ክሕብረኒ፣ እንተዘይሀልዩ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ተስፋሂወት ርእሶም ባይሩ

---

ወ/ሮ ሩታ ማስፍን ፍረ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ኤሌትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን፡ "ክንድሽሕ ኤሌትሮኒክስ" (KNDSHIH ELECTRONICS) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይሀልዩ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣነ ሉዊጂ ፊኖቶ፡ ናይ ወላዲተይ ነፍ/ሪት ሚካኤልና በያ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ኣብ ከተማ ኣስመራ ገጀረት ፕሎት 111 ፓርሰል D ዚ.ፕ ኮድ 1A171 ጎደና ዶጋሊ ቁ.ገዛ 10 ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1፡ 007020 ዕለት 16/07/2013 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤተ ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግበዩ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ተቓውሞ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፈለይ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ሉዊጂ ፊኖቶ

---

ኣነ ሉዊጂ ፊኖቶ፡ ካብ ወላዲተይ ነፍ/ሪት ሚካኤልና በያ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 02 ፕሎት 76 ዚ.ፕ ኮድ 6K1398 ጎደና 237 ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 6BRKRN000376/0 ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤተ ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግበዩ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ተቓውሞ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፈለይ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ሉዊጂ ፊኖቶ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዝርከብ ሆቴላት መንግስቲ (እምባሶይራ/ሓማሴን ንያላ፡ ሰንትራል ኣስመራ፡ ገርግሱም ቢች ሆቴል፡ ሬድ-ሲን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን) ክሳብ 30/06/2026 ዝጸንሕ ቀረብ ሲጋ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2024 መረጋገጺ ካብ ዕዳ ነጻ
* መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብ cpo የትሕዙ።
*ተጫረታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ።
* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን 10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጺን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ ኣብ ደንበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክወሰድ ይከኣል።
* ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺሉ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት።
*ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

# መዘናጋዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ንነብስኻ ምምሳል

ኣረኣእያ ኣብ ህይወት ወሳኒ እዩ። ሰብ ሓደ ካብቲ ናብ ውድቀት ዝመርሓና ህይወትና ብሕሉፍ ተመክሮታት ጥራይ ክንርእያ ምፍታንና'ዩ። ከምዚ ዓይነት ኣረኣእያ፡ ንመጻኢ ዕድላትና ማዕረ'ቲ ዝሓለፈ ጥራይ ጊደርና ከምእንጥምቶ'ዩ ዝገብር። 'ኣነ ወጽኢት ሕሉፍ'የ' ኢልካ ንነብስኻ ምስ እትግምግም፡ ንዝመጽእ እትገጥመካ ዕብየት ደሩትካ ምቕማጥ'ዩ። ስለዚ ንሕሉፍ ከም መምሃሪ እናወሰድካ፡ ኣብ መጻኢ፡ ካብቲ ዝሓለፍካዮ ንዝበለጸ እናቋመትካ ምኻድ ተመሪጺ'ዩ።

ንስኻእቲ ዝገበርካዮ ኢኻ፡ እቲ ዝኾንካዮ ኢኻ፡ እቲ ብሕጂ እትኾኖ'ውን ኢኻ፡ ዘይንስኻ ብምምሳል እትኸስሮ ነገር ኣመና ውሑድን ቀጻልነት ዘይብሉን እዩ፡ መንነትካ "ዘየሰርዓካ" እንተኾይኑ፡ ንኽትመሓየሽ ክትጽዕር ኣለካ። በቲ እተካይዶ ዋላ ንእሽቶ ለውጢ ብመንነትካ ክትከኣርሽን ክትተዓበሽን ይግበኣካ። ስለዚ መንነትካ ንምሸፋን እትገብሮ ማጠሉ ዝሓለፈ ጉርሒ ናብ ዝወሰደካ የብሉን። ኣምስሉ ኣቀራርባኻ ንግዜኡ ዘዐውተካ ክመስለካ ይኽእል እዩ፡ ድሕሪ ግዜ ግና እቲ ሓቀኛ መንነትካ ምፍላጡ ኣይተርፍን። እቶም ብኣኻ ዝተመሳጡን ዝተሳሕቡን ከሎም ክርሕቑኻ ምኽኣኖም ዘይምዝንጋዕ። ሰብ፡ ሓቀኛ መንነትካ ኣብ ዝፈልጡሉ እዋን፡ ብመንነትካ ዘይከኑ በቲ ንመንነትካ ክትሓብእ ዝሃለኽካዮ



ከንቱ ፈተነ እዩም ክኸዕቡኻ። ኣብ ዙርያኻ ንዘለዉ ክትምስጥ ዝተዛረብካዮ፡ ዘዕለልካዮ ኩሉ ባዶሽ ምንባሩ'ውን ሽዑ እዩ ዝኸሓድ።

ፍልጠት ወይ ሓበሬታ፡ ዘረባኻ ሚዛን ንኽህሉዎ ዝሕግዝ መሳርሒ እዩ። ብምንባብ፡ ብምዕዛብ፡ ብትምህርቲ ከኣ ክተዕብዮ ይከኣል። ሓበሬታ ከም ዘይብልካ ብኣዘራርባኻ ክትፍለጥ ትኽእል ኢኻ፡ ሓበሬታ ዘይብሉ ሰብ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓሳባት ኣብ ሰባት ኣተኲሩ ክዘረብ ግድን እዩ። ፍልጠት ዘይብሉ፡ ንዓዕ ኣዕላላይ ኣይኮነን። ኣብ ብዙሓት ኣብያተ-ንባብ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ'ቲ ምዕቡል ዓለም ኣብ ነብሰ ምምዕባል ወይ ነብሱምሕጋዝ ዘተኮሩ ብዙሓት መጻሕፍቲ ቦታ ተፈልየሎም ክንበቡ ምርኣይ ልሙድ እዩ።

ነብሱምምዕባል፡ ንውልቀ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ንሕብረተሰብ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ሰብ ነብሱ ምስ ዘማዕብል ኣብቲ ዝነብረሉ ሕብረተሰብ ዝህልዎ ተደላይነት እናዓበየ ይኸይድ። ንነብሰ ምምዕባል ዝሕግዙ ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተሃለዉ፡ ዝጠዝሑ ፈላጦት ግን፡ ርእሱተኣማንነት ቀዳማይ መእተዊ ንነብሰ ምምዕባል ምኳኑ ይገልጹ። መጽሓፍ፡ ደቂ ሰብ ነብሶም ንምምዕባል ዝሕግዞም ከምኡ እውን ልቦናኦም ዘዐቢ ሓያልን ዘይነጽፍን ምንጪ እዩ። ስለ'ዚ ነብስና ንምዕባይን ፍልጠት ንኽንረኽብን ጠቐምቲ መጻሕፍቲ ምንባብ የድልየና።

ንነብስኻ ምስ መሰልካን ንሓቀኛ መንነትካ ዝገልጽ ሓሳባት ምስ ወሃብካን ሽዑ ሰብ ከኽብሩኻ እዮም። ንነብስኻ እንተደኣ መሲልካ ከኣ ኣብ ዝኾነ ከምትዕወት ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ሰብ ንገዛእ ርእሶም እንተመሲሎም ጥራይ'ዮም ክብሪ ዝረኽቡ።

## ናይ ምትግባር ልምዲ ምዕባይ

ኣብ ዝኾነ ሞያ እቶም ጽቡቕ ዝበሉ ሰባት ካብቶም ካልኦት ዝፈልዮም ነገር እንተ'ሎ ናይ ምትግባር ብቕዓቶም እዩ። እዚ ክእለቶም'ዩ ድማ ንብልሓቶምን ተወህቦኦምን ዝወሰኖ።

- ኩነታት ፍጹማት ክሳብ ዝኾኑልካ ኣይትጸበ ነገራት ክሳብ ፍጹማት ዝኾኑልካ ክትጀምር ትጸበ እንተ ደኣ ኴንካ ብፍጹም ዘይክትትግብሮ'ውን ትኽእል ኢኻ። ሓደ ነገር ኩሉ ግዜ ባዕሉ ከምቲ ትደልዮ ፍጹም ወይ ልክዕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።
- ተግባሪ ኹን፡ ንመደባትካ ካብ ብዝዕባኦም ምሕሳብ ምትግባሮም ተላመድ። እንታይ ክትሰርሕ ከም ዘሎካ ምሕሳብ ደኣ እምበር ብዛዕባ ዝመጽእ ሓሲብካ ዘይምህወታት። ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ እቲ ክንቶጻጸሮን ብግቡእ ክንጥቀመሉን እንኽእል ግዜ እቲ ዘለናዮ ግዜ ወይ ሕጂ እዩ። ጽባሕ፡ ዝመጽእ ሰሙን፡ ወርሒ ወይ ዓመት እንታይ የጋጥመና ኣይንፈልጥን ኢና። እዚ ደኣ ይኹን እቲ ሓቂ እምበር - ንጽባሕ፡ ንዓመታ... ወዘተ ካብ ምግባል ኣይንዝክርን ኢና። ግዜ እንከለና ግዜ ንጽበ፡ ካብ ምጅማርን ምትግባርን መደባትና



ንዘይምእማን ዝሕብር ኣብቲ ዝገበርናዮ ዓቕምና ብዘይምርግጋጽ ንዓይነት ኣብ ንፍለጦ ዝዕዝገና። ከምዚ ዓይነት ሰባት ዝኾኑ ኣብ ትማሊ ንነብር። ሎሚ ብምውንዛፍ ንጽባሕ ጸበይትን ብዙሓትን መደባት ንሰርሕ፡ ኣብ ጽባሕ ክትግበሩ ዝተመደቡ መደባት ብኻልእ ጽባሕ እናተተኪኡ ናይ መጠረሽታ ዕለት ንበጽሕ።

- ሓሳባት ንበይኖም ዓወት ከም ዘየምጽኡ ዘክር። ሓሳባት ኣገዳስቲ'ዮም፡ እንተኾኑ ዋጋ ዝህልዎም ኣብ ተግባር ምስ ወዓሉ ጥራይ እዮም። ሓሳባት ሓደሽ ስራሕ ክንረኽብ፡ ዝምድናታትና ከነመሓይሽን ዝያዳ ኣታዊ ክህልወናን ህይወትና ክጽብቖን ክሕግዙና ይኽእል እዩ። ኩሉ እዚ ግን ብሓደ ረፍዲ ዝፍጠር ነገር ኣይኮነን። እኹል ግዜ ይደሊ። ማዕረ ኸንደይ ኣብ እትግብሮ ጻዕሪ ሓቀኛን ትኸሰረት ኣሎካን ድማ'ዩ ዝምርኮስ። ስለዚ ዓወት ክንገናጸፍ ምእንቲ፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ተጠቒምና ሓይሊ ሓሳባትና ተግባራዊ ክንገብር ስለ እንኽእል ንጠቐመሉ።
- ፍርሒ ንምፍዋስ ስጉምቲ ውሰድ። ፍርሒ፡ ደቂ ሰብ ድሌታቶም ከሳ ሕልምታቶም ግሁድ ንኸይገብሩ ዝዓግት ወይ ንድሕሪት ዝጉትት ዓንቃፊ ባህሪ እዩ። ፍርሒ ብብዙሕ መዳያት ክፍጠር ወይ ክቀላቐል ይኽእል እዩ። ፍርሒ ካብ ውድቀት፡ ፍርሒ ካብ ጌጋ ምፍጻም ካልኦትን። ፍርሒ ብዘወሳኺ ከም ብርቱዕ ስምዒት ኰይኑ፡ ኣእምሮኣውን ኣካላውን በሰላ ከውርድ ይኽእል። ፍርሒ ሽሕ'ኳ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ጉዳኢ ስምዒት እንተኾነ፡ ብልክዕ እንታይነቱን መንቀሊኡን እንተ ተለልዩ ንምውጋዱ ኣዝዩ ቀሊል'ዩ።
- ኣብ ሎሚ ንበር፡ ምሉእ ኣድህቦኻ ኣብ'ዛ ህሞት እዚኣ ክትገብሮ ወጢንካዮ ኣብ ዘለኻ ዕዮ ግበር። ዝተፈላለዩ መደባት ሓንጺጽና ተበጊሶ ምስ ንወስድ ክንዕወተሎም ንኽእል ኢና። እዚ ግን ንዕላማና ብዘይካእ ክንጽዕተሉን ግዜ ክንወፍየሉን ምስ ጀመርና'ዩ ዝብጸሕ። ንኽንወንኖ ግን ኣብ ሓደ ሓቂ ክንህልው ኣለና፡ ኣብ ሎሚ። ሎሚ ምስጠር ኩሎም ዓወታት ኢያ። ኣብ ሎሚ ክንነብር ምስ እንጀምር ንህይወት ክንስተማቕራ ንበቅዕ።

### መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | መ | መ | | | ም | ስ | ጋ | ና | | ሞ | ሳ |
| መ | | ጋ | ቢ | ያ | | | ብ | ጽ | ሓ | ት | |
| ጽ | | ዝ | ን | | | ደ | ላ | ላ | ይ | | ክ |
| | ህ | | ሳ | ን | ዱ | ቕ | | ዊ | | ማ | ሳ |
| ን | ላ | ለ | | ሳ | | ደ | ም | | ሓ | ሳ | ድ |
| ብ | ወ | ዝ | ቢ | | | ቖ | | ነ | | | |
| ዓ | | ለ | ብ | ለ | በ | | መ | ብ | ራ | ህ | ቲ |
| ት | ካ | ዘ | | ሰ | ር | | ሃ | ሪ | | ል | ቢ |
| | ር | | ቤ | | በ | ት | ሪ | | ዓ | ው | |
| ሰ | ታ | ሪ | ት | | ራ | ን | | ሰ | ም | | ስ |
| ለ | | ሕ | | ብ | | ቢ | ራ | | ጸ | ሓ | ፈ |
| ሎ | ሚ | | ክ | ር | ቢ | ት | | ዓ | ጸ | ቦ | |

## ባህርያት ማይ



ማይ ንህይወት ወሳኒ ነገር ብምኳኑ ብዘይካኡ ክንነብር ከቶ ዘይሕሰብ እዩ። ማይ ብዝርእዮ ፍልይ ዝበለ ባህርያት ንብዙሓት ሕግታት ስነ-ቅመም (chemistry) እዩ ዝፍርስ። ማይ ከምዝፍለጥ፡ ብሰለስተ ልሙዳት ደረጃታት ናይ ነገራት ይህሉ - ብፈሳሲ፡ ብሃፋን ብደረቕን። ብመሰረት ሕግታት ስነ-ቕመም፡ ዝበዝሑ ነገራት (substance) ካብ ፈሳሲ ናብ ደረቕ ደረጃ ክቕየሩ እንከለዉ፡ እቶም ዘቖምምዎም ነገራት ስለ ዝኣከቡ፡ ዝያዳ ጻዕቂ (density) ይህልዎም። ማይ ግና ነዚ ኣገባብ'ዚ ኣይክተልን እዩ። ከምኡ እንተዝኸውን፡ ኣብ ዝኾነ ፈሳሲ ዝኣቱ ቁራጽ በረድ ምጥሓል ነይሩ። ብኣንጻሩ'ዚ ግን በረድ ኣብ ማይ ምስዝኣቱ ከንሳፈፍ እዩ ዝርአ። እዚ ዝኾነሉ ድማ ማይ ናብ ደረቕ ነገር ክቕየር እንከሎ ዘቖምዎ ሞለኩዩላት ይዝርግሑ እዮም።

ዝበዝሑ ደረቕ ነገራት፡ ብደጋዊ ሓይሊ ምስ ዝጽቀጡ ወይ ምስ ዝጭፍለቑ ዝጸዓቑ ይኾኑ ወይ ይሰብሩ። ማይ ግን ኣብ ከምዚ ናብ ፈሳሲ እዩ ዝቕየር። ነቲ ጸቕጢ ምስ እተልዕሎ መሊሱ ናብ በረድ ክምለስ ይኽእል።

ማይ ካብ ካልኦት ሳብስታንሳት ዝተፈልየ ዝለዓለ ናይ ምህፋፍ ደረጃ ኣለዎ። እዚ ንደቂ ሰብ ጸቡቕ ነገር እዩ። ምኽንያቱ ዝተሓተ ናይ ምፍላሕ ደረጃ እንተዝህልዎ ነይሩ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ቀልጢፎም ሃፊፎም ምተወድኡ ነይሮም።

ተመራመርቲ፡ ማይ ነዚ ፍሉይ ጠባይ ክውንን ዝኸኣለ ሃይድሮጅን ዝተባህለ ጫኢታ ስለዘለዎ ምዃኑ ይገልጹ።

ማይ ኣብ 100 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ወይ ኣብ 212 ዲግሪ ፋረናይት) ይፈልሕ ወይ ይሃፍፍ። እዚ ደረጃ ግን ኣብ ጸፍሒ ባሕሪ ጥራሕ እዩ ዝሰርሕ። ኣብ ዝለዓለ ብራኽ እንተኾይኑ ካብዚ ይትሕት እዩ። ኣብ ህዋ፡ ማይ ብውሑድ ዓቐን ምቖት እዩ ዝሃፍፍ። ከም ፈሳሲ ጌይሩ ክዕቀቦ ዝኽእል ዝኾነ ጸቕጢ የልቦን።

## ጥቕስታት ለውጢ

- "ኣጠማምታ ዓቢ ለውጢ ዘምጽእ ንእሽቶ ነገር እዩ።" - *ዊልያም ቻርል*
- "ለውጢ ኩሉ ሳዕ ህያብ ሒዙልካ እዩ ዝመጽእ።" - *ዘይተፈልጠ*
- "ምስጢር ለውጢ ኩሉ ጸዓትካ ምስቲ ኣረጊት ዘይምቅላስ ኣብ ምህናጽ እቲ ሓድሽ ምትኳር እዩ።" *ሶቅራጠስ*
- "ኣብ ሕማቕ ልምዲታት ለውጢ ምስ ተካይድ ኣብ ህይወት ርእሲ ለውጢ ኢኻ ተምጽእ።" - *ጆኒ ክሬግ*
- "ብዘይ ቃልሲ ምዕባለን ወጽኢትን የለን። ኩሉ ምብታኽ ሕማቕ ልምዲ ለውጢ'ዩ ዘምጽእ።" - *ጆርጅ ገርደጂፍ*
- "ሓቀኛ ናይ ባህሪ ለውጢ ምኽያድ ናይ መንነት ለውጢ'ዩ።" - *ጀይምስ ክለር*
- "ኣብ ኣካላዊ መትከላት፡ ማለት ኣቀራርባኻ፡ ጠባይካ፡ ኣዘራርባኻ፡ ለውጢ ክትገብር እንተደኣ ደሊኻ ብመጀመርታ ኣብ ኣተሓሳስባኻ ለውጢ ግበር።" - *ሽንከሮር ኢማኑኤል*
- "ነገራት ኩሉ ግዜ ካብቲ ክኾኑዎ ዘኽእሉ ዝተፈልዩ እዮም። ባዕሎም ክቕየሩ እንተተጸበኻዮም ፈጺምካ ዋላ ሓንቲ ለውጢ ኣይክትርእይን ኢኻ።" - *ሄንሪ ጀምስ*

# ዛዕባ ሎሚ

## ስዉር ሓደጋ ማሕበራዊ ሚድያ

### “ናብ ፍጡራት ዝኣቱ ዝኾነ ነገር፡ ብዘይ ኣበር ኣይኮነን”

ናትናኤል ግርማይ (ሚጋ)
ሚኒስትሪ ፍትሒ

*እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብ ዝተፈላለዩ ሰነዳዊ ፊልምታትን መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ዝተረኽበ ኮይኑ፡ ብጹሑፈ ተኣኪቡ ተወሲኹ ሓሳባት ተማሊኡ ዝቐረበ እዩ።*

*ናብ ቀንዲ ትሕዝቶ ጽሑፈይ ቅድሚ ምእታወይ፡ ፈለማ ኣብ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ማሕበራዊ ሚድያ ዝጥቀስ ኣበርክቶ ዝገበሩ ሰባት ዝተዛረብዎ ክጠቕስ፡*

- ካብ 2011 ክሳብ 2012 ንሓደ ዓመት ዝሰረሐሉ ኣብ ፈይስቡክ ሰሪሐ፤ እዚን መሳርሒታት ዝፈጠርኦ ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ክትርእዮ ዝኽእል ... ብዙሕ ሕማቕ ነገራት እዩ ዘሎ። . . . ትሪስታን ሃሪስ።

- ሓደ ካብ ቀዳሞት ሰራሕተኛታት ናይ ኢንስታግራም እዩ። ብዕምቈት ክሓስቦ ከለኹ እዚ ዜጋጥም ዘሎ ሳዕቤናት፡ ኮታ ኢሉ ዝሓሰቦ ውልቀ ሰብ ኣሎ ክብል ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። . . . ጃሮን ላኒር።

- ኣብ ጉግል ከም ኢ'ውን ኣብ ዩቲዩብ እሰርሕ ነይረ። ሕጂ ክሓስቦ ከለኹ ብዙሓ ካልእ ገጽ ናይቲ ሳንቲም ገርሀኛታት ኢና ነይርና። እዞም ነገራት ምስ ፈታኖምም ክትቆጻጸሮ ዘይትኽእል ናቶም ህይወት ዝፈጥሩ እዮም። . . . ጃስቲን ሮዘንስቴን።

- ሞዚላ ክጅምር ሓጊዘ፡ ብድሕሪኡ ናብ ፋየርፎክስ ሰሪሐ፡ ብኸመይ ኣብ ጥቕሚ ይውዕሉ ዘለዉ እዩ፡ ካብ ትጽቢትካ ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። . . . ኣዛ ራስኪን።

- ኣብ ትዊተር እሰርሕ ነይረ፡ መወዳእታ ኣብቲ ትካል ኣብ ዝሰርሓኩሉ ምክትል ፕረዚደንት ምህንድስና ነይረ። ፈለማ ናይ ምዕባለ ገጽ ናይቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ባዕለይ የዳለዎ ነይረ፤ ድሕሪኡ ሓላፊ ክፍሊ ፍርያት ዓማዊል ኮይነ ሰሪሐ። ኣብኡ ኣብ ዝሰርሕኩሉ ብመሰረቱ ናይ ለውጢ ሓይሊ ዝኾንኩ ኮይኑ ይስምዓኒ ነይሩ፤ እንተ ሕጂ ኣይግድን። ብሰንኪ ሞራላዊ ጉዳያት ኣብ ሰነ 2017 ካብ ጉግል ስራሕ ክለቅቕ ተገዲደ። ግን ኣብ ጉግል ጥራይ ዘይኮነ ብሓፈሻ ካብ ኢንዱስትሪ ቴክኖሎጂ'ውን በዚ ምኽንያት እየ ክወጽእ ተገዲደ። . . . ጄፍ ሰይበርት።

- ፕረዚደንት ናይ ፒንተረስት ነይረ፤ ቅድሚኡ ድማ ን5 ዓመት ዳይረክተር ፋይናንስ ኣብ ፈይስቡክ ነይረ። ሓቂ እዩ ሳላ እዞም መሳርሒታት፡ ኣዝዮም ትርጉም ዘለዎ ለውጥታት ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም መጺኡ እዩ። እዞም መሳርሒታት ዝጠፍኡ ኣባላት ስድራቤት ኣራኺቦም፡ ዝሓመሙ ሰባት ቅያር ናውቲ ኣካላት ንኽረኽቡ ሓጊዞም፡ ግን እወታውያን ጥራይ እዮም ነይሮም ክንብል ንኽእል'ዶ፤ . . . ቲም ኬንዳል።

ነቲ ኩሉ እወታውን ኣሉታውን ውጽኢት ማሕበራዊ ሚድያ፡ ደይ መደይ ኢሉ ሓሰቡ ዘምጽኦ ሰብ ኣሎ ክትብል ከቢድ እዩ።..እሞ… ከመይ ከመይ ደኣለ፤ መወዳእታኡ'ኸ ናበይ ገጹ እዩ ዘሎ ሕቶታት'ዚ ንጹርን ልክዕን መልሲ ክትረኽበሉ ኣሸጋሪ'ዩ። ትካላት ማሕበራዊ ሚድያ ተረር ነቐፌታ ይዛዝበን እኳ እንተሎ፡ መመሊሰን እየን ዝዕብያ ዘለዋ። ብዓበኡ እቲ ናይ ቴክኖሎጂ ኢንዱስትሪ ናብ ሓድሽን ዝዓበየን ደረጃ ቁጽጽር እዩ ዝኣቱ ዘሎ። እዞም ትሕተ ኢሎም ዘለዉ ዜናታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰማዕናዮም ዝመጽኡና ኢና።

“ኣብ መንጎ ማሕበራዊ ሚድያን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ኣዝዩ ጥቡቕ ርክብ ምህላው ሓዳሽ መጽናዕቲ የጽር፤ ሚሊዮናት ኣመሪካውያን ውሉፋት ማሕበራዊ መራኸቢ ኮይኖም ኣለዉ፤ ብሳላ ቴክኖሎጂ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ናይ ብሕትኻ ዓለም ብዘይ ዝኾነ ርክብ ምስ ዝኾነ ሰብ ክትነብር ትኽእል ኢኻ፤ ዝተፈብረኸ ዜናታት ጠገለ ብዘይብሉ መገዲ ሰፊሑ ንብዙሓት ማሕበረሰባት ሕልኽላኽ (complex) ኮይኑዎም ኣሎ፡ ሰበ ስልጣን ኣመሪካ ‘መጥቃዕቲ ሳይበር ሩስያ ከቋርጽ ዝኽእለሉ ቅቡል ምኽንያት የለን’ ይብሉ፤ ሳላ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ሓድሽ ኣንዑብ መጥባሕቲ ገጽ ህቡብነት ኣጥርዩ፡ ኣብ መንእሰያት ‘ኑበስ ጽልኣት’ (snapchat dysmorphia) ይፈጥር ኣሎ፡ ማለት መንእሰያት ልክዕ ከምቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ (ስናፕቻት) ዘሎ ብመጸባበቒ ዝቖናጀ (ዝምልከዕ) ስእሊ ክመስሉ ህርድግ ይብሉ ኣለዉ፤ ብመገዲ ምጽንጻን ርእሰማልነትን (survaillance capitalism)፤ ብዙሓት ሰባት ብዘይግምቶም መገዲ፡ ፖለቲካዊ ቅርጻን ባህልን ህዝቢ ዓለም እናተጻልወን እናተቐየረን ይኸይድ ኣሎ። እስላማዊ ጥሩፍ ምንቅስቓስ (ዳዕሽ) ንማሕበራዊ ሚድያ ሰዓብቲ ንምውዳብ ብሰፊሑ ይጥቀምሉ ነይሮምን ኣለዉን፤ ሕጂ ድማ ኣብ ዓብላልነት ጻዕዳ (white supremacist) ዝኣምኑ፡ ሰዓብቲ ኣብ ምውዳብ ይጥቀሙሉ ኣለዉ፤ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ህንዲ፡ ብኢንተርነት ዝፈራርሑ ሃደድቲ ጉጅለታት (mob groups) ኣሰታት ደርዘን ዝኾኑ ሰባት ቀቲሎም ወዘተ.”

እዚ ዜናታት'ዚ






ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ሰራወሩ ነዊሕን ሓደገኛን ምዃኑ ዝሕብር እዩ። ኣብዚ ሓሶት ዝዝርጋሕ ዘመን፡ ከም ኣብነት “ናይ ቻይና መንበር እንተ ዘይበልዖ ኮሮና ክትሓዋም ትኽእል'ዶ፤” ዝብሉ ገዝፍቲ ኣርእስትታት ብምልዓል፡ ኣእምሮን ግዜን ሰባት ምቁጽጻር ጥበባት ሞያን ኮይኑ ኣሎ። ብሓጺሩ ካብ ዘመን ርትዓዊ ሓበሬታ ናብ ዘመን ሓበሬታ ሓሶት ኢና ንኸይድ ዘለና። እቲ መመኽሒ ምዕራባውያን ዝኾነ ደሞክራሲ ድማ ኣብ ትሕቲ ከቢድ መጥቃዕቲ እዩ ዘሎ። ከም ዝርድኣኒ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝመጽኡ ዘለዉ መሳርሒታት፡ ማሕበራዊ መሰረት ወይ ኣዕኑድ ህዝብታት ካብ ሱሩ ዝምሕቑ እዮም።

ሎሚ ንዝኾነ ሰብ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ እንታይ ጸገም ኣለዎ ወይ እንታይ ጸገማት ትርእየሉ፤ እንተድኣ ኢልካዮ፡ ዝተፈላለዩ ቅሬታታትን መረረን እዩ ዝሰምዓካ። ገለ ካብኡ ‘ዳታና ወይ ሓበሬታና ተሰሪቑ፡ ዘይምሕር ወልፊ ቴክኖሎጂ ኣሕዲሩና። ብናይ ሓሶት ዜና ተዓብሊኽና። ተጻራሪ ወይ ክዕረቕ ዘይክእል ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት ኢና፡ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብሰርሰርቲ ተጠቒዑን ተሰሪቑን’ ዝብሉን ካልኦትን ይርከብዎ። እንተኾነ እቲ ጸገማት እናፈለጥ እውን ንሓደ ኮተቴ ቴክኖሎጂ ከመገድ እንተ ሓቲትካዮ ክትግበር ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ'ዩ።

ኩሎም እዞም ዝተጠቕሱ ጸገማት ዝፈጥር ዘሎ ሓደ ጠንቂ ኣሎ። ስም የብሉን ግን ምንጩ ሓደ እዩ። ብቐጥታ ዘይኮነ ብዝተዘዋወረ መልሱ እዚ ዝስዕብ'ዩ፡ “ነቲ ትግልገሉ ዘለኻ ንብረት ዘይትኸፍለሉ እንተሊኻ፡ ንስኻ ኢኻ እቲ ንብረት።”

ንሰብ “ማሕበራዊ መራኸቢ እንታይ እዩ፤” ኢልካ ምስ እትሓቶም ‘ሓበሬታ እትገርጉረሉ ከም ሰሙ ማሕበራዊ መራኸቢ እዩ። ፈይስቡክ እውን ንጥፈታት መቕርብኻ ኣዕሩኽትን መሓዙትካን እትከታተለሉን ግብረ መልሲ እትህበሉን ባይታ እዩ’ ብምባል'ዮም ልሙድ መልስታት ዝህቡ። እዞም ሰባት ዘይርድእዎ ሓቂ ግን እዞም ክልተ ማሕበራዊ መራኸቢታት ናትና ኣቓልቦ ንኽብሕቱ ኣብ ቀጻሊ ውድድር ዘለዉ ምዃኖም'ዩ። ፈይስቡክ፡ ትዊተር፡ ስናፕቻት፡ ኢንስታግራም፡ ዩቲዩብ፡ ጉግልን ቴክኖሎጂን ካልኦት ማሕበራውያን መራኸቢታትን - ንድፊ ንግዶም (business model) ቃል ብቓሉ ሰባት ኣብ ስክሪን ተጸሚዶም ከምዝውዕሉ ምግባር እዩ።

ብዙሓት ሰባት ነዚ “ምጽንጻን ርእሰማልነት” (survaillance capitalism) ኢሎም'ዮም ዝሰምይዎ። “ዓብይቲ ትካላት ማሕበራዊ መራኸቢ፡ ጉዕዞን ቦታን ኣፍሲወክፉ ተጠቃሚ፡ ደረት ብዘይብሉ መገዲ ዝቆጻጸሩሉ ብልሓት እዩ” ድማ ይብሉ። እዚ ሓደ ስዉር ዕላማ ክኸውን ይኽእል። ብግሁዲ ግን መወዓውዒ ዘኪይዱ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ክረብሓሉ ኢና እንዕዘዝ። ርግጽ ኢልካ ክብሂሻ እንተ ጠሚትካ ዓለም ብዓለሙ ዝተጻለለ ኮይኑ እዩ ዝስምዖ። ባዕልኻ ንዑበሻ ክትሓትት እዩ ዝደርኸካ። እዚ ማሕበራዊ መራኸቢ'ዚ ንቡር ናይ ርክብ መሳርሒ ደዩ ወይስ ኣብ ገለ ማስተፋቕራዊ ዓለም እዩ ዘእትወና ዘሎ፤ ብርግጽ ድማ ኩሉ ሰብ ከስተውዕሎ ዝግብኦ እዩ በዛላይ እዩ።

ትሪስታን ሃሪስ (ኣብ ጉግል ናይ ስነ ምግባራዊ ምህንድስና ሓላፊ ነበረ፡ ከምኡ'ውን መስራቲ ማእከል ሰብኣዊ ቴክኖሎጂ ) “ኣብ ጂ-መይል (g-mail) ኣብ ዝሰርሓሉ ኣብ ዝበርኩ እዋን፡ ኩሉ ነገር ክስልችወኒ ጀሚሩ፤ ምኽንያቱ ብዙሕ ናይ ወሽጢ ሳንዱቕ እንታይ ዓይነት ቅርጺ ክህልዎ ኣለዎ፤ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ክሕዝ ኣለዎ ኣብ ዝብል ተጸሚድና ነዊሕ ሰዓታት ንሰርሕ ኣብ ዝበርናሉ እዋን ዘስተብሃልክሉ ነገር እንተነይሩ፡ ውሉፍ ናይ ኢ-መይል ምዃነይ ጥራይ ዘይኮነ መሳርሒተይ እውን ውሉፋት ምንባሮም እዩ። እቲ ዘርግም ድማ ዝኾነ ኣብ ጉግል ዝሰርሕ ዝነበረ ሰብ፡ ነቲ ቴክኖሎጂ ከም ዘዋልፍ ገይሩ ንክሰርሖ ወይ ክቕይሮ ተበግሶ ዝወሰደ ዘይምንባሩ እዩ” ክብል ምስክርነቱ ሂቡ።

ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ኢጋጢሙ ዘይፈልጥ ነገር የጋጥም ኣሎ። ካብ 20 ክሳብ 35 ዝዕድመኦም 50 ዝኾኑ ጸዓዱ ደቂ ተባዕትዮ፡ ነደፍቲ ወይ ሃንደስቲ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ካሊፎርንያ ኣመሪካ ኮይኖም ዝወሰንዎ ውሳኔ ንክልተ ቢልዮን ሰባት ይጸልዉ። እዞም ክልተ ቢልዮን ሰባት፡ ኣብ ሓንጎሎም ዘይጸንሐ ጋሻ ሓሳባት ክሓስቡ ይግደዱ። ምኽንያቱ ሓደ ነዳፊ ኣብ ጉግል ኮይኑ፡ ኣብታ ዝኾነ ሰብ ቅድሚ ቁርሲ ዝርእያ ስክሪኑ ብኸም'ዚ መገዲ እዩ ሓበሬታታት (notification) ክሰርሕ ዘለዎ ስለዝበለ ብኡ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ካብዚ ተበገሱ፡ ትሪስታን ሃሪስ ‘ንሕና ኣብ ጉግል ዘለና፡ ነዚ ብናይ ሓደ ሰብ ሓንጎልን ርድየትን ዝኸይድ ዘሎ ጸገም እዚ ክነፈትሖ፡ ሞራላዊ ሓላፍነት ኣለና’ ክብል ናይ ጽሑፍ ጥርዓን ናብ ኩሎም ኣባላት ናይቲ ትካል፡ ብፍሉይ ድማ ናብ ሓለፍቲ ናይ'ቲ ትካል ከም ዝጸሓ ዝበረ። እንተኾነ ዝኾነ መልሲ ከይተዋህበ እንሆ 15 ዓመታት ሓሊፉ።

ሰባት መዓስ ጽምዋ ተሰሚዑዎም ኣሎ፤ መዓስ እዮም ተጨኒቖም ዘለዉ፤ መዓስ እዮም ስእልታት ናይ ሕሉፍ ፍቕራዊ መጻምድቶም ዝርእዩ ዘለዉ፤ ለይቲ እንታይ ትገብር፤ ሰቕ በዛላይ ዲኻ ወይስ ተዛራቢ፤ ጠባይካ እንታይ እዩ፤ ኣየኖት ነገራት የሕርቑኻ፤ ትካላት ማሕበራዊ መራኸቢታት ብዝርዝር ይፈልጡ እዮም (ብዝዕባ'ዚ ኣይትገረሙ)። ኩሎም'ቶም ዝተዓዘብናዮም ቪድዮታት፡ ላይክ ዝገበርናዮም ተተኣኪቦም ብዘጸረ ንድፊ ክማሓሩሉ እዮም ዝውዕሉ። እታ ንጽርቲ ዝኾነት ንድፊ ምስ ሓዙ ድማ፡ ሓደ ሰብ እንታይ ዓይነት ነገራት እዩ ክገብር ትጽቢት ዝገብረሉ ንምግማት ይጥቀምሉ። ካብኡ ተበጊሶም፡ እንታይ ዓይነት ቪድዮ ኢኻ ክትዕዘብ ዘሎካ፤ ናበይ ኢኻ ክትከይድ፤ ኣየኖት ተርእዮታት እዮም ንዝኾነ ነገር ክትገብር ዝቕስቕሱኻ ክድይሩልካ ይኽእሉ።

ይቕጽል . . .

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣብ ዶብ ታይላንድን ካምቦድያን ግጭት ተወሊዑ

ታይላንድን ካምቦድያን ኑቲ ኣቐዲመን ብመንጎኝነት ኣመሪካ ዝበጽሓኦ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ብምጥሓስ ንሓድሕደን ኣብ ዝካሰሰሉ ዘለዋ እዋን ትማሊ ሰኑይ ታይላንድ ኣብ ልዕሊ ካምቦድያ መጥቃዕቲ ነፈርቲ ከም ዘካየደት፡ መርበብ ሓበሬታ ራሻ ቱደይ ሓቢሩ።

ክልተአን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ፡ ብሰንኪ እቲ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝቐጸለ ኣብ መንጎአን ዘሎ ዶባዊ ምስሕሓብ ናብ ጉንጺ ከም ዝኣተዋ፡ ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ መዓልታት ኲናት ድማ ብሸምግልና ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ እቲ ወጥሪ ክሃድእ ከም ዝኸኣለ ይዝከር።

ሰራዊት ታይላንድ፡ ዝሓለፈ ሰንበት



ወተሃደራት ካምቦድያ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ታይላንድ ተኹሲ ብምኽፋቶም፡ ኣብ ዶብ ክልተአን ሃገራት ሓድሽ ግጭት ከም ዘለዓዓሉ ከሲሱ።

በቲ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዘጋጠመ ሓድሽ ግጭት፡ ሓደ ወተሃደር ታይላንድ ክቕተል እንከሎ፡ ካልኦት ኣርባዕተ ድማ ከም ዝቖሰሉ ሰራዊት ታይላንድ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ሓይሊ ኣየር ታይላንድ ማርሻል ጃክክራት ታማሸቻይ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኤፍ-16 ዝዓይነተን ነፈርቲ ውግእ ሃገሩ ንወተሃደራዊ ዓቕሚ ካምቦድያ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ ይሰርሓ ከም ዘለዋ ገሊጹ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ካምቦድያ ሌተናል ጀነራል ማሊ ሶቸታ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሰራዊት ታይላንድ ንኣሽቱ ኣጽዋር፡ ሞርታራትን ታንክታትን ተጠቒሙ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ካምቦድያ ብዙሕ መጥቃዕትታት ከም ዘካየደ ከሲሱ።

ንሳ ወሲኻ፡ ኑቲ ታይላንድ ኣንጻር ካምቦድያ ተሰምዖ ዘላ ክስ፡ "መሰረት ዘይብሉ ወጹእ ሓሶት" ክትብል ነጺጋቶ።

ንዊሕ እዋን ዝቐጸለ ዶባዊ ምስሕሓብ ታይላንድን ካምቦድያን፡ በቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ዘጋጠመ ግጭት ጥራሕ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ልዕሊ 200 ሽሕ ነበርቲ ድማ ብኸልተኡ ወገን ከም እተመዛበሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ጀርመናውያን ብኣካይዳ መንግስቶም ከም ዘይተሓጎሱ ይገልጹ

ክልተ ሰሶ ጀርመናውያን፡ ብመራሕነት ቻንስለር ፍሪድሪክ መርዝ ዕንቡባት ከም ዘይኮኑ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብታ ሃገር ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኣረጋጊጹ።

ብመሰረት እቲ ዝሓለፈ ቀዳም ብጋዜጣ በልድ ዝዘርገሐ መጽናዕቲ ኢንሳ፡ 70 ሚእታዊት ካብቶም 1005 ዝተሓተቱ ጀርመናውያን ንኣካይዳ መንግስቶም ከም ዘይቕበልዎ ክገልጹ ከለዉ፡ 21 ሚእታዊት ግና፡ ብፖሊሲ ናይ'ቲ መንግስቲ ዕንቡባት ከም ዝኾኑ ገሊጾም።

እቲ መጽናዕቲ፡ ተቐባልነት ቻንስለር መርዝ ኣብ ህዝቢ፡ ናብ 23 ሚእታዊት ከም ዝወረደ'ዩ ዘጽሮ።

ሓላፊ ኢንሳ ሄርማን ቢንከርት፡ "ካብ ኩሉ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝተመዝገበ ወጽኢታት፡ እዚ ሎሚ ተረኺቡ ዘሎ ወጽኢት ዝኸፍአ እዩ" ክብል ገሊጹ።

ቻንስለር መርዝ ቁጠባ ሃገሩ ዳግማይ ንምብርባር ኢሉ ንዘእተዎ መብጽዓታት ከም ዘይተግበረ ኣብ ዝንቀፈሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ህዝቢ ዝበርዶ ተቐባልነት እናነከየ ይኸይድ ከም ዘሎ እዩ ዝሕብር።

መርዝ ኑቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ስግኣት ሩሲያ ንምምካት፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝሓየለ ሰራዊት ከም ዝሃንጽ ቃል ከም ዝኣተወ ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ይጠቕሱ።

ዝሓለፈ ዓርቢ፡ መንግስቲ ጀርመን ኣሽሓት ተወሰኽቲ መንእሰያት ኣብ ውትህድርና ንምምልማል ዝዓለመ ብዙሕ ክትዕ ዝተኻየደሉ ወተሃደራዊ ሕጊ ኣጽዲቑ ከም ዘሎ እቲ መጽናዕቲ የጽርር።

እንተ ኾነ እቲ ሓድሽ ሕጊ ኣብ በርሊን ሰፊሕ ተቓውሞታት ኣለዓዒሉ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕብር።

ወዲብ ናይ'ቲ ሰልፊ ዝኾነ ሮንጃ ሪሁ ብዙሓት ገዛዚብ ኣብ ወተሃደራዊ ጽላት ይውዕል ከም ዘሎ ብምውቃሱ ኑቲ ዘይሓላፍነታዊ ክብል ዝገለጾ ኣካይዳ መራሕነት ቻንስለር መርዝ ብትሪ ነቒፉ።



## ህንዲ - ኣብ ለይታዊ ትልሂት 25 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ህንዲ ኣብ ዝርከብ ሓደ ፍሉጥ ለይታዊ ትልሂት ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ ብውሕዱ 25 ሰባት ከም ዝሞቱ ሰበ መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ጠንቂ ናይ'ቲ ባርዕ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ህንጻ ዘጋጠመ ምፍንጃር ዕትሮ ጋዝ ከም ዝኾነ ድማ፡ ማዕከናት ዜና ህንዲ ንፖሊስ ናይ'ቲ ከባቢ ብምጥቃስ ጸብጺበን።

ካብቶም ግዳያት ኣርባዕተ በጺሕትን 14 ኣባላት ናይ'ቲ ለይታዊ ክሉብን ከም ዝርከብዎም ከኣ፡ ፖሊስ ጎዋ ኣረዲኡ።

ኣመሓደርቲ ናይታ ክፍለ ሃገር፡ ኑቲ ሓደጋ ንምጽራይ ቅልጡፍ መርመራ ክካየድን ኣብ ልዕሊ እቶም ኑቲ ትራጀድያዊ ፍጻመ ሓላፍነት ዝወስዱ ኣካላት ድማ ተሪር



ስጉምቲ ክውሰድን ትእዛዝ ኣመሓላሊፎም ከም ዘለዉ ተፈሊጡ።

ማዕከናት ዜና ህንዲ፡ ካልኦት ኣስታት 50 ሰባት'ውን በቲ ሓደጋ ቆሲሎም ከም ዘለዉ ኣቃሊሐን።

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንድራ ሞዲ፡ ምስ ሰበ መዚ ናይ'ቲ ከባቢ ከም ዝዘራረበን ንስድራ ግዳያት ናይ ጸገዎት ይሃብኩም መልእኽቲ ከም ዘመሓላለፈን ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ መልእኽቲ፡ ቤት ጽሕፈቱ ንነፍሲ ወከፍ ስድራ ግዳይ 200 ሽሕ ሩፒ (2,200 ዶላር)፡ በቲ ሓደጋ ንዝቖሰሉ ወገናት ድማ ነፍሲ ወከፎም 50 ሽሕ ሩፒ (550 ዶላር) ካሕሳ ከም ዝሃበ ገሊጹ።

ኣብ ህንዲ፡ ብሰንኪ ድኹም ኣሰራርሓ ህንጻታትን ልዕሊ ዓቕን ጸቕጥቅጥን ባርዕ ሓዊ ኪጋጥም ልሙድ ተርእዮ ከም ዝኾነ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት፡ ኣብ ከተማ ሃይደራባድ ኣብ ዝርከብ ብዓል ሰለስተ ደርቢ ህንጻ ባርዕ ሓዊ ድሕሪ ምኽሳቱ፡ 17 ሰባት ከም ዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ቤኒን - ፈተነ ዕልዋ ፈሺሉ

ፕረዚደንት ቤኒን ፓትሪስ ታሎን፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣንጻሩ ዝቐንዐ ፍሹል ፈተነ ዕልዋ ከም ዝተኻየደን እቲ ኩነታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዝኣተወን ገሊጹ።

እቲ መራሒ ድሕሪ'ቲ ፈተነ ዕልዋ ብቀጥታዊ ፈነወ ቴሌቪዥን ሃገሩ ኣብ ዝሕለፎ መልእኽቲ፡ "እቲ ንሃገርና እሙን ኮይኑ ዝጸንሐ ሰራዊትና ብዘርኣዮ ተወፋይነት ከማስየኖ እፈቱ" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "እቲ ኩነታት ሕጂ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዩ ከም ዘሎ ከረጋግጸልኩም እፈቱ፡ ስለዚ፡ ቀሲንኩም ናብ ስራሕኩም ወፈሩ ክብለኩም እደሊ፡" ክብል ገሊጹ።

መንግስቲ፡ ገለ ጉጅለ ወተሃደራት ናብ ማእከል ተለቪዥን ናይ'ታ ሃገር ቀሪቦም ንፕረዚደንት ፓትሪስ ፓሎን ስልጣን ከም ዝሕደግዎ ድሕሪ ምእዋጆም ድሕሪ ሰዓታት እዩ ኑቲ ፈተነ ዕልዋ ከም ዘፍሸሎ ገሊጹ።



ብሰንብት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ድማ፡ ኣብ ከተማ ኮቶኑ ተኹሲ ከም ዝተሰምዐን ሰለስተ ነፈርቲ ውግእ ከኣ ካብ ጉረቤት ሃገር ናይጀርያ ናብ ክሊ ኣየር ቤኒን ከም ዝኣተዋን ኣሃዱ ምክትታል በረራታት ናይ'ታ ሃገር ኣረዲኡ።

እንተ ኾነ ኣፈኛ ፕረዚደንት ናይጀርያ ድሒሩ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እተን ነፈርቲ ውግእ፡ ኑቶም ዕልዋ መንግስቲ ዝፈተኑ ወተሃደራት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታውን ክሊ ኣየር ቤኒን ንምቁጽጻርን ክብላ ከም ዝኣተዋ ኣፍሊጡ።

ጉረቤት ቤኒን ዝኾነት ናይጀርያ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ፕረዚደንት ዝተፈተነ ዕልዋ፡ "ኣብ ልዕሊ ደሞክራሲ ዝተፈጸመ ቀጥታዊ መጥቃዕቲ" ክትብል ኹንደስቲ እቲ ዕልዋ ኰኒና።

ኣፈኛ ፕረዚደንት ቤኒን - ዊልፍሪድ ሊያንድረ ሆንግቤድጂ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስቲ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ብዝተኣሳሰር 14 ሰባት ኣብ ቀይዲ ኣትዮም ከም ዘለዉ ገሊጹ።

## "ሕ/ኤውሮጳ ኣንጻር ሩስያ ናብ ኲናት ክኣቱ ይኽእል'ዩ" ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ

ቀዳማይ ሚኒስተር ሃንጋሪ ቪክቶር ኦርባን፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣንጻር ሩሲያ ንኹናት ይዳሎ ከም ዘሎን፡ ክሳብ 2030 ኣብ ዘሎ ግዜ ኑቲ ክመጽእ ዝኽእል ኩናት ድሉው ክኸውን መደብ ከም ዘለዎን ገሊጹ።

ኦርባን፡ ኤውሮጳ ምስ ሩሲያ ኣብ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ኩናት ንምእታው ስጉምትታት ትወስድ ከም ዘላ'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ንሱ ኣሰዒቡ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ናብ 'ቁጠባ ኩናት' ገጸን ይሰጋገራ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምግላጹ፡ ገለ ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ጽላት መጉዓዝያን ኢንዱስትሪን ንዝዝበራኦ ዝበራ ወፍሪ ጉዳፈን ናብ ምፍራይ ኣጽዋር ተሰጋገረን ከም ዘለዋ ኣፍሊጡ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ንመርገጺ ሕብረት



ኤውሮጳ ኣብ ግጭት ዩክሬን ብተደጋጋሚ ክነቕፍ ከም ዝጸንሐ እዩ ዝሕበር።

ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላዲሚር ፑቲን፡ ሞስኮ ኣንጻር ኤውሮጳዊ ሕብረት ይኹን ኔቶ ናብ ኩናት ክትኣቱ መደብ ከም ዘይብላ ብምግላጽ፡ ምዕራባውያን ሃገራት ኣንጻር ሩሲያ ኩናት እንተ ጀሚረን ግን ሃገሩ ግቡእ ምላሽ ከም እትህበሉ'ዩ ዘጠንቀቐ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት | 09/12/2025 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565